# መርሆ

ግንቦት 2011 2ይ ዓመት ቁ.05

**ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝዳሎ ዕላዊ ልሳን**

## መርሆ

ብባህርን ምስልን ንክልተ፡ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኩነት ዝጣመሩ ተርእዮታት ብማዕረ ዝውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል'ዩ።

ካብ ድቅድቕ ጸላም፣ ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ'ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ'ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ባብ'ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይቲ ኣደራዕ ብምዃኑ፡ እቲ ባብ መርሆ'ዩ።

ናብ'ቲ ክትበጽሖ እትብህጎ መስተርሆ-ባብ፣ ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት፣ ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት'ዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ። እዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ መንገዲ ዓወት'ዩ። ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቕልስ ከኣ መርሆ'ዩ።

መርሆ ዕላዊት ልሳን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኮይና፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺታትና እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኣ ንከተበርክት ዝተሰለፈት፡ መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና'ያ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሰደግኤ

# ትሕዝቶ

✍ ርእሰ-ዓንቀጽ፡-
መብጽዓና ከይፈጸምና፡ ኣይክነብሩ'ኸን ኢና! ..........................................2

✍ 20 ዓመታት ነጻነት፡ ጉዕዞ ሓበን ዶ ገበን?!!.................................................3

↳ መቕድም...........................................................................................3

↳ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ....................................................3

↳ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ........................................................5

↳ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ማሕበራዊ መዳይ....................................................7

↳ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ..............................................9

↳ ሓጺር መጠቓለሊ.............................................................................10

✍ ሃገራዊ ነጻነትና ዓቂብና፡ ንብሩህ መጻኢና ነማዕዱ.......................................10

E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

# ርእሰ ዓንቀጽ

## መብጽዓና ከይፈጸምና፡ ኣይክነብሩ'ኽን ኢና!

24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ፡ ናይ'ቲ ንልዕሊ ፍርቂ ክፍለ-ዘመን ህዝብታት ኤርትራ ብጽንዓት ዘካየድዎ ናይ መኸተን ቃልስን ጉዕዞ፡ ድምር ውጽኢት ናይ 20 ዓመታት ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ 30 ዓመታት ደማዊ ዕጥቃዊ ተጋድሎን'ዩ። 24 ግንቦት ወለዶታት ኤርትራ ብመስተንክራዊ ጽንዓትን ተወፋይነትን እናተቐባበሉ፡ ብመስዋእትን ስንክልናን ሓድሽ ምዕራፍት ታሪኽ ኤርትራ እናገንጸሉ፡ ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ኤርትራዊ ሃገራውነትን ብሩህ መጻኢ ወለዶታታን ኣብ በሪኽ-ናሕሲ ብምምዕዳው፡ ተካእቶም ሰንደልደል ከይበሉ ክበጽሕዎ ምእንታን ነንዝረኽብዎ ኳኹቶን ግራጭን ብምጽሃይ፡ ማሕላና ከይነዕብር እናተላበዉ፡ ንስሌናን ንስለ'ዛ ቅድስቲ መሬትን ብምሕላፍ፡ ዘውረሱና ድርኩኺት ሓድሽ ምዕራፍ'ዩ። ኣብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ንምብጻሕ፡ ህዝብታት ኤርትራ ፍንጫሕ-መሰንገሊኦም ንዝኾኑ ቀያሕትን ጸለምትን ደቆም፡ ኣብ መስርዕ ሓርነታዊ ሰውራና ኣሰሊፎም'ዮም። ልዳት ናይ'ዛ ዕለት'ዚኣ ንምርጋጽ፡ ልዕሊ 65 ሽሕ ስውኣትን ልዕሊ 100 ሽሕ ስንኩላንን ሞባኢ ኮይኖሙላ'ዮም። ሚልዮናት ድማ ዕድመ-ንእሰነቶም ክሳብ ዝበሊ ተቓሊሶሙላ'ዮም። እዚ ኩሉ ጽንዓትን መስዋእትን ዋላ'ኳ ከቢድ እንተኾነ ንዕላማ ዝተኸፈለ ሓላል ዋጋ'ዩ።

እዚ ብሉጽ ሒደት መዳርግትና ዝኾኑ ህዝብታት ዓለምና ጥራይ ዝሻረኹሉ ክብረ-ወሰን ታሪኽ፡ ብርግጽ ንዓና ንኤርትራውያን ምንጪ ሓበና'ዩ። እዚ ዘሐብን ታሪኽ'ዚ ማዕረ-ማዕሪኡ ረዚን ሓላፍነት ዘሰከመና ታሪኽ'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ከም ህዝቢ፡ ናይ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ዕድመ፣ ጾታ፣ ፖለቲካዊ ሓጹራትን ባህርያዊ ብዙሕነታዊ ኣካውንኦምን ከይዓንቀፎም ሰሚሮም፡ ኣብ ሓደ ሓርነታዊ መስርዕ ተሰሊፎም ዝተቓለሱሉን፡ ኣብ ሓደ ጉድጓድ'ውን ንሓደ ዕላማ ዝተቐብሩን፡ ሓድጊ ታሪኽም ከም እንወርስ፡ ዝተለምዎ ዕላማ ማንዝኡ ከይሰሓተ ከም እነሰጉሞ ብምእማን'ዩ። ሎሚ ድሕሪ 20 ዓመታት፡ ን24 ግንቦት ክነብዕል እንከለና፡ ቀዳሞት ኣማዕዲዮም ዝተተምበይዋ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ፡ ህልዋት ዝተቐበልናዮ ሕድርን መብጽዓን ኣብ ምፍጻም ነፊዕናዶ? ሓሚቕና? ኣበርክቶና እንታይ ኔሩ? ንቕድሚት ከ ብከመይ ንቕጽል? ዝብል ሕቶ ብምልዓል፡ ብትብዓት ምምላሱ፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ቃል-ዝኣተናዮ መብጽዓ ከም ሰብ ዘኽብረና ብሕልና ከኣ ዘንጽሃና ተግባር'ዩ።

ቀዳሞት፡ ኣማዕዲዮም ንዝተተምበይዋ ኤርትራ፡ ንሶም ዘየርክብዋ ምኽንያም እናፈለጡ ግን ከኣ ከም ሽምዓ ብምምካኽ ንስለታ ዕላምኦም ተዕቂብ ሓዳስ ኤርትራን ንስሌናን ብርሃን ክኾኑ እንከለዉ፡ ብዋጋ መስዋእቶም ህዝብታት ኤርትራ ጎይቶት መሰሎምን ሉኡላውነቶምን ከም ዝኾኑ ብምእማን ከም ዝነበረ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። እዚ ብዋጋ መስዋእቶም፡ ህያው ዘልኣለማዊ-እስትንፋስ እትሰኩዕ ሓዳስ ኤርትራ ናይ ምውሓስ ዕላማ፡ ህዝባዊ ተሳትፎ ዘረጋግጽ መትከላት ብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታታ ዝቕበል፡ ፖለቲካዊ ነጻነት ዜጋታታ ዘኽብር፡ ኩሉ ብማዕረ-ዝዋሳኣሉ፡ ብናይ ሓባር ርድኢት ዝዓበሉ ቅዋማዊ ስርዓት ብምትካልን ንዑኡ ብምምእዛዝን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ጽኑዕ እምነ-መሰረት ንምንዳቕ ዝዓለመ ብክቡርን ረዚንን ዕላማ ዝግለጽ'ዩ። እዚ መስዋእቲ'ዚ፡ ንስለ'ቲ ዘይነጽፍ ውሽጣውን ግዳማውን ሰላም ዝሰፈነላ፡ ዜጋታታ ብማዕርነትን ብፍትሕን ዝነብሩላ፣ ማሕበራዊ-ፍትሒ ዝዕምብበላ፣ ቁጠባዊ ሓርነት ዘረጋገጸት ኤርትራ ናይ ምፍጣር ዋኒን ዝተኸፈለ ዕርቡን'ዩ። ነዚ ብምርግጋጽ ኣቢልካ፡ ንመስዋእቶም ነባራ-ሓወልቲ ብምንዳቕ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ውሑስ መጽለሊ ትኸውን ኤርትራ ብምውራስ ዝኽፈል ውዕለት'ዩ። እዚ ክንዲ ካሕሳ-ደብሶም'ዩ። ስለዚ መበል 20 ዓመት ዝኸሪ መዓልቲ ነጻነት ክነብዕል እንከለና፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ መብጽዓ ሰማእታትናን ክንከፍሎም ዝግባእ ካሕሳን ምዝካር፡ ሓደ ካብ'ቲ ክንሰግሮ ዘይንኽእል ቅድመ-ኩነት'ዩ።

በዚ መንጽር ናይ ሎሚ ኤርትራ ክንዕቅና እንተኾይንና፡ ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ተወሊዱ፡ ድቒ-ፋሽስትነት ቋጺሩ፡ ንመቓብር ስውኣትና ብምስጋር፣ ኣብ ዝባን ሙዑት ቃልሲ ህዝብታትና ተሓንጊሩ፣ ልዳት ቤተ-መንግስቲ ኣስመራ ዝኣተወ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ መብጽዓ ሰማእታትና ረጊጹ፣ ዕላማታት ሰውራና ኣበርዒኑ፣ ባህጊ ህዝብታትና ኣጸልሚትዎ'ዩ። ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ካብ ባዕዳውያን ሓይልታት ኣራግጽ ነጻ ዝወጸ መሬትን ኤርትራዊ ባንዴራን ጥራይ'ዩ መኽሰባ።

ብርግጽ እዚ'ውን እንተኾነ፡ መኽሰብ ሰውራና ብምኻኑ ክንዕቅቦ ከም ዝግባእ፡ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ዘይኣቱ ሓባራዊ ዕግበትና'ዩ። ይኹን ደኣምበር፡ ሰማእታትና ዝተተምበይዋ ኤርትራ ኣብ ባይታ ናይ'ቲ ነጻነቱ ዘረጋገጸ መሬት ኤርትራ ንምዝራኡ ምቹእ ኩነታት ክሳብ ዝፍጠርን፡ ቦቖሉ ህዝብታትና ካብ ሽሻያቱ ምቁዳስ ክሳብ ዝጅምሩን፡ ጉዕዞና ቀጻሊ'ዩ። ንህዝብን ሃገርን ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ እትውክል ባንዴራ ኤርትራ፡ ሰማእታትና ኩቡር ዋጋ ዝኸፈሉሉን ዝተተምበይዎን ዕላማ ክሳብ እትውክል፡ ዕጥቅና ኣይክንዘልቕን ኢና። ንሰማእታት ዝኣተናሎም መብጽዓ፡ "ድሕሪ ነጻነት- ነጻነት የልቦን" ንዝብል ፋሽስታዊ ሽሕጣይ-ጭርሖ ከም ዘለዎ ኀሲምና፡ ንስለ-ቃልዓለም ክንልውጦ ማለት ዘበት'ዩ። እዚ ክሕደት'ዩ። ተንበርካኽነት'ዩ። ነዚ ውዲታዊ ጭርሖ'ዚ ብውነ-ከይተረደአ፡ **"ኤርትራ 20 ዓመታት፡ ሓበን"** ዝጨረሐ እንተሎ፡ ክናሳሕ ነዘኻኽር። ነቶም መንደልሓቕቲ ግና፡ መብጽዓና ከይፈጸምና ኣይክነብሩ'ኽን ክንብሎም ይግባእ።

# 20 ዓመታት ነጻነት፡ ጉዕዞ ሓበን ዶ ገበን?!!

**መቕድም**፡- ህዝብታት ኤርትራ ብዋጋ ከቢድን መሪርን መስተንክራዊ መስዋእቲ ንሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ስዒሮም ኣኽሊል ሃገራዊ ነጻነት ካብ ዝዓትሩ፡ እነሆ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ሓሊፎም። ብርግጽ ሰውራና፡ ንሕቶ ሃገራዊ ነጻነት ፖለቲካውን ሕጋውን ምላሽ ብምሃብ፡ ናይ መሬትን ባሕርን ሉኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ብምውሓስ ሓድሽ ኤርትራዊ መድረኽ ከፊቱ፡ ንሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ብዘየዳግም ምዕራፍ ታሪኹ ከብቅዕ ጌሩ'ዩ። እዚ ከም ብሌን ዓይንና እንርእዮን ብንቕሓት እንሕልዎን መኽሰብ ሰውራና'ዩ።

እዚ ህያው ሓቂ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ ሰውራና ንሕቶ ሃገራዊ ነጻነት፡ ካብ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ህዝብታትና፣ ሕቶ ማዕርነት፣ ፍትሒ፣ ሰላምን ማሕበረ-ቁጠባዊ ግስጋሰን ነጺሉ ብምርኣይ፡ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእቲ ጥራይ ዝተኻየደ ሰውራ ኣይነበረን። እንታይ ደኣ? ሰውራ ህዝብታት ኤርትራ ኪኖ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ዝጠመተ፡ ኣብ ልቢ ህዝብታት ኤርትራ ንዝተሳእለት ዜጋታታ ኅይቶት ገዛእ-ርእሶም ዝኾኑላ፤ ሓዳስ፡ ምዕብልትን ደሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ቃልሲ'ዩ። ስለዚ ድማ ጉዕዞ 20 ዓመታት፡ ብመንጽር ባህግን ትምኒትን ህዝብታት ኤርትራ ስሊኡ ብዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ክንዕቅኖ ግድን'ዩ።

ስለ'ዚ ጉዕዞ 20 ዓመታት ነጻነት እንታይ ይመስል? ማእከላይ ኣጀንዳ ናይ'ዚ ጹሑፍ'ዩ። ርግጽ ናይ 20 ዓመታት ጉዕዞ ሓንቲ ሃገር፡ ስድሪ-ብስድሪ እናለካዕኻ ንምርኣዩ ከቢድ ምኳኑ ዘይስሓት'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ኣብቶም የዕኑድ መቕምያታት ናይ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ጉዕዞ ብኣወንታ ይኹን ብኣሉታ ንምጽላው ወሳኒ ግደ ዝነበሮም፡ ስርዓት ህግደፍ ዝተኸተሎም ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት እንታይ ይመስል? ዝብል ብምልዓል፡ ካብ ኣጠቓላሊ ጉዕዞ ጽሟቕ መረዳእታ ብምሓዝ ክንመዝን፡ ካብኡ ተበጊስና ኣብ መደምደምታ ንምብጻሕ ይከኣል'ዩ። ስለዚ ድማ ንጉዕዞ'ዚ 20 ዓመታት ኣብ ንኡስ ኣርእስትታት ከፋፊልና ንምርኣይ ክንፍትን ኢና።

**<u>ስርዓት ህግደፍ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ</u>**፡- ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ንመብጽዓ ሰማእታት ኤርትራ ረጊጾም ንባህጊ ህዝብታት ኤርትራ ብእዉጅ ዝተጻረርዎ፡ ገና ኣብ ንእዲ-ሕጹኖት እናሃለዉ'ዩ። 20 ሰነ 1991 ቦኽሪ ንዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ዝተሰመየትሉ ህሞት፡ ገና ዝኽሪ ለበዎኦም ኣብ ኣእዛን ኩልና ደጋጊሙ ኣብ ዘቃልሓሉ ዝነበረ እዋን፡ "**እዛ ብርኩታ እምኒ'ላታ**" ብዘብል ታሪኻዊ ክሕደት፡ ብኣዋጅ፡ ፋሽስታዊ በትረ-ስልጣኑ መሲስዎ'ዩ። "**ብሽም ውድባት ዝግበር ሓሸውየ፡ ከም ከቢድ ገበን'ዩ ዝቑጸር**........" ብምባል ነቲ ብዋጋ ከቢድ መስዋእቲ ዝተመዝገበ ዓወት፡ ትርጉም ኣልቦ ዝገብር ንዓንዲ ሕቆ-መትከላት ሰውራና ብእዉጅ ቀንጺልዎ። ሓደ ካብቲ እምነ-ኩርናዕ ዕላማታት ሰውራናን ባህጊ ህዝብታት ኤርትራን ንዝኾነ፡ ህላወ ብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ ዝቕበል፡ ናብ ጎደና ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ዝቕልስ መትከል ብምህራም፡ "**ብዛዕባ ብሄራት ምዝራብ ከም ቋንቋ'ውን ገዲፍናዮ ኢና፤ ብሄራት ዝበሃላ የብልናን**" ክብል ብብደዐ ክምድር ተሰምዐ። እዞም ክልተ ጨካን መጥቃዕቲታት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ብግብሪ ክስዕብ ንዝኽእል መንነት ስርዓቱ ዕርቃኑ ወጸ። ስለዝኾነ ከኣ ብሙዑት ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ዝተዓወተ ሰውራ፡ ንፖለቲካውን ሕብረ-ብሄራውን ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ መሰረት ጌሩ ብዝህነጽ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ብምጽንባል፡ ዳግመ ህንጻ ሃገር ኣብ ዘተኣማምን መሰረት ተደኾኑ፡ ናብ ትስፉው መጻኢ ብዘማእዝን ቅኑዕ-ጉዕዞ ንምቕያሱ ርሒብ ኣፍደገ ዝኸፈተ ቦኽሪ ዓወት ሓርነትና ኮሊፉ፡ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ብዘቤታዊ ሓይሊ ብምትካእ ንዝነበረ ሕሰም ብትሕዝቱኡ ክቕጽል ዝገብር ዕሉል ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ፋሽስታዊ ስርዓት ከም ዝተባሕተ ብናይ ኣዋጅ-መርድእ ዕላዊ ኮነ።

በዚ ታሪኻዊ ክሕደት "ሀ" ኢሉ ዝጀመረ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ወራስ-ዓራት ኮነሬል መንግስቱ ሃይለማርያም ኮይኑ ኣብታ ቦኽሪ ኤርትራዊት ዘውዲ-ስልጣን ተወጠሐ። ድሕሪ'ዚ፡ እዚ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ ክሳብ ዝግብልን መሊኡ ስልጣኑ ዘረጋግጽን ክልተ ስልትታት ክኽተል ጀመረ። ብሓደ ሸነኽ ንፋሽስታዊ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ዘደልድል ናይ ስለያ መሓውር ኣብ ሙሉእ መንግስታውን ሲቪላውን ትካላት ክጸፍይ እንከሎ፡ ጎና-ጉኑ ንወተሃደራዊ ዓቕምታቱ ከሰውድ ዘኽእሎ መደባት ሓንጺጹ ንምትግባሩ ተጓየየ። ብካልእ ሸነኽ ነዚ መደባት ክሳብ ዝዓምም፡ ልቢ ህዝብታትና ዝገዝኣሉ መደራጉሕ ባዶ-መብጽዓታት ብምእታው ግዜ ንምሽማት ተጠቒሙሉ። ካብ'ዚ ንደሓር እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ስልጣን ብዝጸነሐ ቁጽሪ፡ ሓቀኛ መንነቱ ዘቓልዐ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራሲ ዝኾኑ ተርእዮታት እናተኸሰቱ መጹ።

ህዝብታት ኤርትራ "**እዛ ሃገር ሚልዮን ዝኸፈለን እንቋቑሖ ዝኸፈለን ብማዕረ ዝነብሩላ ሃገር ክትከውን ኢያ**" ዝብል መሳጢ ግን ከኣ ባዶሽ-መብጽዓ ዋሕስ ጌሮም፡ ማሕበራዊ ሽግራቶም ክቃለሉም ንዘልዓልዎም ሕቶታት፡ በታ ክሕድት ዝለመደት ዓጽምን ሽኻልን ዘይብላ ፋሽስታዊ መልሓሱ ጌሩ፡ "**ሰንበት-ሰንበት በጊዕ ዘይሓረድናልኩም ዲኹም ደሊኹም**" ክብል ብደዐ ክስልበጦም ጀመረ። "**....ደሞክራሲያዊ ስርዓት ክንተክል ኢና፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ከንንግስ ኢና፣ ምርጫን ሕብረ-ስልፋዊ ስርዓትን ከነፍቅድ ኢና**" ከም ዘይተባህለ ዕጫ'ቶም ዝቐደሙ፡ ሓታትን ተጸባጻብን ዘይብሎም መብጽዓታት ኮይኖም፡ ዝዝክሮም'ውን ሲኢኖም ተረስዑ። በዚ መንገዲ'ዚ ንቡጹእ ግርህናን ሃገራዊ ፍቕርን ህዝብታት ኤርትራ ተበሊጹ፡ ልዕሊ ሕግን ተሓታትነትን ዝገበለ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ብርእዮ ክግህስ፣ "**ንስልጣነይ**

**ሓደጋ'ዮም”** ንዝበሎም ውልቀን ጉጅለን ዝተፈላለየ ናይ ጠቕነ ኣስማት ብምሃብ ክጨውይ፣ ክኣስር፣ ክቕንጽልን ክራስይን ጀመረ።

ግዳይ'ዚ ዝተዓመረ ፋሽስታዊ ናይ ውሳይ መጥቃዕቲ ዝኾኑ፡ ህያው ሓወልቲ ሓርነታዊ ቃልስና ጀጋኑ ኣካለ-ስንኩላን ማይ-ሓባር፡ ብዘልማዳዊ ኣዘራርባ ብኣድማ ተጋደልቲ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ዝወደቡን ዝተሳተፉን ሓርበኛታት፣ ብጉልባብ እስላማዊ ጥሩፍነት ካብ ከተማ ከረንን ኣኸርያን ብጅምላ ዝተጨወዩ ንጹሃት፣ ….ወዘተ በብእብረ ሓታቲ ዘይብሎም ክሓቁ ኮይኖም'ዮም። ከም መቐጸልትኡ ከኣ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 2001 ብሽም ጉጅለ 15 ዝፍለጥ ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝርከቡዎም፣ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ናይ ብሕቲ ጋዜጠኛታትን ኣዳለውትን፡ ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ግዳይ ዕድመ-ይፍታሕ ስቅያት ምዃኖምን ኣብ ዒራዒር ዝበጽሖም ዘሎ ግፍዕታት፡ ተግባራዊ መንነት ናይ'ዚ ስርዓት ዝምስክር ጭብጢ'ዩ።

ኣብ ዓዲ-ኣቤቶ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ሊብያ ዝተጠረዙ ንጹሃት ዜጋታት ዝተፈጸመ ግፍዒ፣ ግዳይ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ዊዓን ገልዓሎን ዝኾኑ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ፣ ነበርቲ እምባ-ደርሆ፣ ዓዲ-ኣቤቶ፣ ዓዜን፣ ኳዜን፣ ድግሳን ካልኦትን ኣብ ልዕሊኦም ንዝተስገደደ ፋሽስታዊ መደባት ስለዘይተጸዓዱ ብጅምላ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዳህላክን ናኽራን ብዘይ ናይ ሕጊ መወከሲ ምሕያሮም፡ ካብቶም ፍሩያት መሪር ዝኽርታትና'ዮም። እዞም ግዳያት፡ ንምሩኻት ኲናት'ኳ ዘይንፈጎም ንቡር-ሓልዮት ተሓሪምዎም፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት፡ ንጹሃት ዜጋታት ክሳብ ብሞት ክሓልፉ ኮይኖም'ዮም። ብጀካ'ዚ በሽሓት ዝቑጸሩ ንጹሃት ዜጋታት ዝተዳጎኑለን ልዕሊ 300 ምድራዊ ሲኦል ኣብያተ-ማእሰርትታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ብምጽብጻብ፡ ኤርትራዊ ዝሓልፎ ዘሎ ዘስካሕክሕ ህይወት ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ዜጋታት ከም ግኡዝ ንብረት-ዕዳጋ ብሕድሪ **“ኣጽኑሑለይ”** ዝበሃለሉ ኣብያተ-ማእሰርቲ፡ ብዛንታ'ውን ተሰሚዑ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ግን መሪር ዕጫ ኤርትራውያን ኮይኑ'ሎ። እዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታትና ዝተፈጸመ ባርባራዊ ግፍዕታትን መሪር ኣውያቶምን፡ መዛግቡ ከይዓጸወ ናይ ፍርዲ-መዓልቲ ዝጽበ ዘሎ ህያው ክውንነታዊ ሓቂ ኤርትራን ኤርትራውያንን'ዩ።

ስለዚ ስርዓት ህግደፍን ፖሊሲኡን፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ተቓሊሶም ዋጋ ጻምኦም ዝተጸበዩ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ደቁን፡ ውሽጣዊ ርጉእ ህይወቶም ኣመሰቃቒሉ ክሳዶም ደፊኦም ብምሽቑራር ክነብሩ ዝገበረ'ዩ። ስርዓት ኢሳይያስ መሰረታዊ ዜግነታዊ ክብርታት ይትረፍ፡ ብደረጃ'ቲ ንካልኣይ ዜጋ'ውን ሓላል ዝኾነ ውሑስ-ህይወት ከዕቁብ ዘይከኣለ፡ ጸረ-ሓቀኛ ነጻነትን ልኡላውነትን ህዝብታት ኤርትራ'ዩ። እዚ ንመረዳእታ ዝቐረበ ተደጋጋሚ ግህሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዜጋታትና፡ ካብ'ቲ ክውንነት ኤርትራ **“ካብ ባሕሪ ብጭልፋ”** ከም ዝበሃል ቁንጹል ኣብነት'ኳ እንተኾነ፡ ጉዕዞ 20 ዓመት ኣብ ትሕቲ ዕድመ ስልጣን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ናይ ክፍለ-ዘመንና ጸሊም ታሪኻዊ ገበን ብምዃን ክብረ-ወሰን ዝዓተረ ሕላገቱ'ዩ።

ኤርትራ፡ ቅዋማዊ ስርዓት ዝተሓረማ፣ ናይ ስልጣን-ኣርካናት ሓጋጊ፣ ፈጻምን ፈራድን ኣካላት ኣብ ዊንታ ሓደ ውልቀ-መላኺ ዝተመሰረተላ፣ ደሞክራሲያዊ ምርጫ ዘይተፍቅድ፣ ካብ ነጻነት ርእይቶ ክሳብ ናይ እምነት ነጻነት እትጻረር፣ መትከላት ነጻ-ፕረስ ብምግሃስ እትውንጀል፣ ብምእሳር ጋዜጠኛታትን ፖለቲካዊ እሱራትን ካብ ዓለምና ሒደት መወዳድርቲ ጥራይ ዘለዋ ሃገር'ያ። ናይ'ዚ ኩሉ ተሓታቲኡ ከኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ኤርትራ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ከም ኣብ መጋርያ-ጓህሪ ዝተሰኸተተ መቕሎ-ዜጋታት ኮይና፡ ብሕሱም ፖለቲካዊ ጭቆና ክትለልዎም ዝጸነሐት ተምሳሌት ምድራዊት ሲኦል ኮይና'ያ ጸኒሓን ኣላን።

ብድምር እዚ ፋሽስታዊ ፖሊሲ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ስሙር መስርዕ መኸተ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእቲ ተሰሊፉ፡ ንናይ ጽባሕ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ እናማዕደወ ስጋእ ከይበለ ዝተበጀወን፡ ብዋጋ መስዋእትን ጅግንነትን ሰረት ሃገራዊ ሓድነትና ክጸንዕ ንዝገበረ፡ ኣብ መስርሕ ዳግመ ህንጸ-ሃገር'ውን ተኣምራት ክሰርሕ ብቕዱስ-ሕልሚ ዘንቀደ፡ ኣብ ቃልሲ ዝተጠረየ ሃገራዊ ክብርታትን ውሕሉል ዓቕምታቱን ብመስርሕ እናባሕጎገ ክሳብ ንምዝራጉ ዘምርሕ ሓደገኛ ኣንፈት ተኸተለ። ስለዝኾነ ድማ እዚ ብቐጻሊ ብዝምዕብል ውሽጣዊ ግርጭታት እናተሓቁነ ዝመጸ ፖለቲካዊ ረስኒ፡ መኣዝኑ ንምስሓት ብዝተኣልመ በይናዊ ፋሽስታዊ ውዲት ንግዳም'ውን ከም እሳተ-ጎመራ ክፍንጀር ጀመረ።

መበገሲኡ ድማ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ውሽጣዊ ኩነታት ዝፈጠሮን ብዘገምታዊ መስርሕ እናማዕበለ ዝመጸን፡ ህዝብታትና ካብ ነጻ ተመኩሮኦም ትዕዝብትታቶም እናዋህለሉ ንቕሓቶም እናዓበየ ብምኻዱ፡ መንነት እቲ ስርዓት ብልክዕ ከለልዩን ብግብሪ ጸረ-ሓቀኛ ረብሓኦም ምዃኑ ክርድኡ ብምኽኣሎም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ዝተዋህለለ ነድርን ቁጠዐን ንምጉታም ዝተማህዘ ውዲት ምዃኑ ዶርሆ ጻሕቲራ ትረኽቦ ሓቂ'ዩ። ብሰሪ'ዚ ፋሽስታዊ ውዲት፡ ኤርትራ ምስ ዙርያ ምላሽ ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን ከቢድ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ዘኸተለ፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ጊዜ ንምሽማትን ናይ ተቓውሞ ብልሒ ንምጉታምን ብምሕላን፡ ደማዊ ኲናታት ተኻይዱ። ብፍላይ ኣብዘን ዳሕረዎት ዓመታት፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብዶብ ኣመሳሚሱ ዝጻሕተሮ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን መዳርግቲ ኣልቦ ዕንወት ኣኸቲሉ'ዩ። ኣብ'ዚ ዘይፍትሓዊ ኲናት'ዚ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ መረብ-ቤቶም ተመዛቢሎም፣ ልዕሊ 35 ሽሕ መላምል መንእሰያት ግዳይ ሞት ኮይኖም'ዮም። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዘለና ባዕላዊ ተረድኦ ገዲፍና፡ ንስለ ክውንነት እንምስክሮ ሓደ መሰረታዊ ሓቂ ምህላው ግን ከነረጋግጽ ንደሊ። ካብ ውሽጢ'ዚ ኣሃዝ'ዚ ገሊኦም ብላዕለዎት ወተሃደራውያን ሓለፍቲ ብድሕሪት እናኾብኾቡ ናብ ኲናት

ብዝንስዮዎም ሓለፍቶም፡ ኣድራጋ ጠያይት ዝሞቱ'ዮም። ገለ ድማ ኣብ ኲናት ዘልሓጥሓጥ ዝበለ፣ ንሓለፍቱ ዘይተማእዘዘ፣ ሃዳምነት፣ ስግረ-ዶብ ወዘተ ብዝብል ምስምስ ብፋሽስታዊ ኢ-ሰብኣዊ ተግባር ኣብ ቅድሚ ካልኦት **"ካብ'ዚ ተመሃሩ"** ብዝብል መርዓድን መንበርከኽን መልእኽቲ ዝተረሸኑ'ዮም። በዚ በለ በቲ ግን ኩሎም ግዳያት ፋሽስታዊ ፖሊሲ እቲ ስርዓት'ዮም። እቲ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘሕዝን ሰብኣውነት ዘይብሉ ተግባራት ፋሽስታውያን ዝተኸሸሓሉ ግን፡ ናይ'ዞም ግዳያት ወለዶምን ስድራ-ቤታቶምን መርድእ ደቆም ብጅምላ ኣብ ዳሳት ከም ተራ ነገር ተረዲኦም፡ ክዕልሉ ዝተገብረ ኢ-ሰብኣዊ ፋሽስታዊ ተግባር'ዩ። እዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኲርናዕ ዓለም ዘይተራእየ፡ ንሕና ኤርትራያን ዝተፈደናዮ ዘሕንኽ ታሪኽ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ'ዩ።

እዚ ኩሉ ጸሊም ገበን ተሓታቲኡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ'ዩ። እዞም ገና መዛግቦም ዘይተዓጸዉ ፋይላት፡ ንቁስልታትና መመሊስና ክንሓኽኽ ዝገብሩና'ምበር ክንሕበን ዝገብሩ ብፍጹም ኣይኮኑን። ጉዕዞ 20 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ፖለቲካዊ ምስሊ ሃገርና እምበኣር እዚ'ዩ። እዚ ከቢድ ፖለቲካዊ ማድያት'ዚ ብኋይላን ፈንጠዝያን ተዓብሊሉ፡ ዝኽሪ ሓበን ክኸውን ብፍጹም ዘይሕሰብ፡ እንተተደለየ ከኣ ሕልሚ ነዳያን ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል።

<u>**ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ፡-**</u> ብርግጽ ኤርትራ ብስንኪ ባዕዳውያን ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ ከኣ ብፍላይ፡ ዝተኸተልዎ ናይ መግዛእቲ ፖሊሲ፡ የዕኑድ ቁጠባ ሃገርና ተረሚሱ'ዩ። እዚ ብተበራረይቲ መግዛእታዊ ሓይልታት ብድሎ ዝተዳኸመ ቁጠባዊ ትሕዝቶ፡ ናይ 30 ዓመታት ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ከርሲ-ምድሪ ኤርትራ ብምክያዱ ከኣ ኩሎም ቁጠባዊ ጽላታት፡ ናብ ዓውዲ ኲናት ተቐይሮም ምጽንሖምን እዚ ዘስዓቦ ዕንወት ምህላውን ግሉጽ'ዩ። ስለዚ ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ቁጠባዊ ንጥፈታት በቲ **"ካብ ብሱል ጥረ"** ከም ዝበሃል ካብቲ ኲናት ብዝተረፈ ዝተዳኸመ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ከም ዝጅምር ውሁብ ሓቂ'ዩ። ዝተዳኸመ ቁጠባ ምውራስና ክሕተተሉን ክንኩንኖን ዝግብኣና፡ ነቲ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይሊ ጥራይ'ዩ። ድሕሪ 20 ዓመታት ጉዕዞ ነጻነት ቁጠባዊ ትሕዝቶ ሃገርና ካብቲ ካብ መግዛእታዊ ሓይሊ ዝወረስናዮ ብርኪ-ጽፍሒ ንታሕቲ ምንቁልቋሉ ግን ተሓታቲኡ እዚ ሎሚ ወራስ ዓራት ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝኾነ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ህግደፍን'ዮም። በዚ መንጽር ነቲ ክውንነት ምምዛኑ ሓጋዚ ስለዝኸውን፡ መረዳእታና ሒዝና ጉዕዞ 20 ዓመታት ንርኣዮ።

ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ምርግጋጹ ህዝብታት ኤርትራ ዕማም ዳግመ-ህንጻ ሃገር ኣብ ጻዕሮም ጥራይ ከም ዝምርኮስ ብምእማን ዘርኣይዎ ድልውነት ኣዝዩ ልዑል ምንባሩ ኩሉ ዝምስክሮ'ዩ። ብርግጽ ከኣ ዝዓነወ ቁጠባ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝወረሱ ህዝብታት ኤርትራ፡ ከምቲ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእቲ ብጽንዓት ተቓሊሶም መስተንክራዊ ዓወት ዘመዝገቡ፡ ነቲ ዝዓነወ ቁጠባ ኣብ ምሕዋይ'ውን ታሪኽ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ፡ ሙሉእ እምነት ኔሩዎም'ዩ። ስለዚ ከኣ ኩሉ በብዓቕሙን ክእለቱን ኣብ ምህናጽ ሃገር እጃሙ ከበርክት ካብ ውሽጥን ወጻእን ኣብ ልምዓታዊ መደባትን ሃገራዊ ህንጻትን ተሳትፎኡ ከረጋግጽ ብፍቓዱ ክኸትት ጀመረ። ይኹን ደኣ'ምበር እዚ ኣወንታዊ ተበግሶ'ዚ ብዙሕ ከይሰጎመ ብፋሽስታዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ተኾልፈ።

ከምቲ ኩልና እንፈልጦ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተኸተሎ ኣንፈት፡ ሰደድ ማእከሉ ዝገበረ ማክሮ-ቁጠባዊ ፖሊሲ'ዩ። ይኹን ደኣምበር፡ ጽቡቕ ምትምናይ ሓደ ነገር ኮይኑ ዓቕምታትካ ምምዛን ከኣ ካልእ ክስገር ዘይግብኦ ቅድመ-ኩነት'ዩ። ስለዚ ነዚ ማክሮ-ቁጠባዊ ፖሊሲ ክጸውር ዝኽእል ውሽጣዊ ዓቕምን ባይታን ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዲዩ? ዝብል መበገሲ ናይቲ እንቕይሶ ፖሊሲ ክኸውን'ዩ ዝግብኦ። ካልኣይ ዝተቐየሰ ቁጠባዊ ፖሊሲታት፡ ክንዲ ድላዩ እንተውረቕረቐ፡ ንኡኡ ዘተግብር ፖለቲካዊ ሓይሊ ክሳብ ዘይረኸበ ትርጉም ኣልቦ'ዩ። ስለዚ ብክልተ ምኽንያታት ፋሽስታዊ ስርዓት ዝተኸተሎ ፖሊሲ ገና ካብ መበገሲኡ ፍሹል ክኸውን ጌሩዎ'ዩ። ስርዓት ኢሳይያስ ዝተኸተሎ ቁጠባዊ ፖሊሲ ወድዓዊ ባይታ ዘይብሉን ኣብ ውሽጣዊ ሃገራዊ ዓቕሚ ዝምርኮስ ብዘይ-ምኻኑ ሓደ ምኽንያት'ዩ። ብቐንዱ ከኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ነዚ ፖሊሲ'ዚ ከፈጽም ዝኽእል ፖለቲካዊ ባህርን ብቕዓትን የብሉን። እዚ ስርዓት'ዚ ብፖለቲካዊ መንነቱ፡ ንናይ ውሑዳት ጉጅላዊ ረብሓ ዘቐድም፡ ጸረ-ረብሓ ሓፋሽ ጠጠው ዝበለ ብምኳኑ፡ ኣብኡ እንክሎ ጸረ ልምዓትን ዕቤትን ካብ ዝኾነ ተፈጥርኡ ወጻኢ ስድሪ'ኳ ክስጉም ከም ዘይክእል ብሩህ ነገር'ዩ። ስለዚ ከኣ ነጻ ሃገራዊ ቁጠባ ክሃንጽ ኣይክእልን'ዩ፤ ንሰደድ ማእከሉ ዝገበረ ማክሮ-ቁጠባዊ ፖሊሲ ኣይበዓል-ለይቱን'ዩ።

ካልእ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተኸተሎ ኣንፈት፡ ካብ ክውንነት ኤርትራ ዘይብገስ ብምኳኑ ጥራይ ኣይኮነን ጸገሙ። ካብ'ቲ በሓቲ ፖለቲካዊ መንነቱ ዝብገስ ንኣውፈርቲ ሕጋዊ ውሕስነት ዘይህብ ምኳኑ'ውን ሓደ ካብቲ ጸረ-ልምዓትን-ዕቤትን ዓንቃፊ መለለይታቱ'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝስርሓሉ፡ ሓደ ርእሰ-ማል ወፍሪ ዝገብረሉ ዓውዲ ቁጠባ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ፕሮጀክት ብምቕራጽ ፍቃድ ክወሃቦ ይጠልብ። በዚ መሰረት ከኣ እቲ ፍቓድ ዝህብ መንግስታዊ ኣካል፡ ነቲ ብመጽናዕቲ ዝቐረበ ፕሮጀክት ኣብ ቁጠባ ሃገር ዘለዎ ረብሓ ብምግምጋም ምስቲ ኣብ ወፍሪ ዝውዕል ናይ ካፒታል-መጠን፡ ዝፍጠር ዕድል ስራሕ ዜጋታትን ኣዛሚዱ ዘድሊ መሳለጢያታት ብምቕራብ ንወፍሪ ዘተባብዑ ኣወንታዊ ስጉምትታት ምውሳድ ዝተለምደ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ግን ብኣንጻሩ'ዩ። ብዙሓት ኣውፈርቲ ርእሰ-ማሎም ንምውፋር ዘቕርብዎም ናይ ፕሮጀክት መጽናዕትታት ዝግምግምን ናይ ፈቓድ ሕቶ ዘተኣናግድን መንግስታዊ ትካል ህግደፍ፡ ካብ ምትብባዕ፡ ሞራልን ተበግሶን ኣውፈርቲ ንምቕታል ዝተዋደደ'ዩ እንተተባህለ ምግናን ዘይብሉ ጥረ-ሓቂ'ዩ። ብሽም ሕጋዊ ኣካል፡ ቡዙሕ ዝተደኸሙሎም ናይ ፕሮጀክት መጽናዕትታት ብምስራቕ፡ ንኣውፈርቲ ከም መበገሲ መጽናዕትታት ጥራይ'ምበር ብመስርሕ ኣብ ቁጠባ ሃገር ብዝህልዎም ኣበርክቶ ክመዝን ዘይተዓደለ ትካል'ዩ። እዚ ትካል'ዚ ከም'ቶም ካልኦት ኩሎም መሓውራት'ዚ ስርዓት፡ ንቁጠባዊ ህይወት ሃገርና ብሕታዊ ርስቲ ስርዓት ኢሳይያስ ንምግባር ዝሸቕል ስርዓት-ምምሕዳር'ዩ። በዚ መሰረት

ድማ ንዝተሰረቐ ናይ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ምርኩስ ብምግባር፡ በተን ኣብ ትሕቲኡ ዝምወላ ትካላት መንግስትን ግንባርን ከም ዘተግብሮ ናይ ብዙሓት ተሞኩሮ ህያው ኣብነት'ዩ። እዚ መንገዲ'ዚ፡ ንቁጠባዊ ህይወት ህዝብታትና ብምልማስ፡ ንሃገርና ኣማሲኑ፡ ብነብሱ ደው ክብል ዘይክእል ቁጠባ ዝፈጠረ'ዩ።

ብጀካ'ዚ ዝተጠቐሰ፡ ንኣውፈርቲ ኣብ ክንዲ ምትብባዕ ንምብህራር ዝተዋደደ ብዝመስል ናይ ግብርን ቀረጽን ስልዒታቱ'ውን ካልእ መልክዕ ካብ'ቲ ማሕንቖ'ዩ። ገለ ውሑዳት ነዚ ተጻዊሮም ዝተበገሱ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝነበሩ ይኹኑ ካብ ወጻኢ ጠቕሊሎም ዝኣተዉ ዜጋታት፡ ሕሉቦምን ንጹፎምን ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ብምውዓል፡ ንባዕሎም ኮይኖም ንሃገሮም ክኾኑ ትጽቢት ዝተነብረሎም ኣብ ሓጺር እዋን ርእሰ-ማሎም ነጊፎም፡ ዕዳን ዕንድዳን ኮይኖም'ዮም። ገለ ካብ'ዚኦም ንዳግማይ ስደት ተሳጢሖም ከም ብሓድሽ “ሀ” ኢሎም ክታተዩ ጁዒሮም፡ ሰሚሩሎም ርእሰ-ማሎም ሰሲኑ፡ ሽሻይ ካልኦት ክኾኑ እንከሎዉ፡ ገለ ድማ ናብ ነዳያን ተቐይሮም'ዮም።

ሎሚ ካብታ ዝነኣሰት ድኳን ጀሚሩ ክሳብ'ቲ ዝዓበየ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎ ወፍርታት፡ ትካላት መንግስትን ግንባርን ኢደን ዝሓማዙቛሉ ዓውዲ'ዩ። ብሕጊ ዝምራሕ ቁጠባዊ ወፍሪ ኣሎ ንምባል ዘጸግም'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ትካላት መንግስትን ህግደፍን ንኩሉ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ተዋሲኡ ከክንድ'ታ ዓቕሙ ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ ክገብር ትጽቢት ዝተገብረሉ ኤርትራዊ ርእሰማል፡ ንሱ ዘዝቐየሶ ዓውዲ ንግድን ወፍርን፡ ብዘለዎም ስልጣን እናተጠቐሙ ብውዲትን ፍጹም ጸረ-ነጻ ዕዳጋ ብዝኾነ መንገድን ካብ ጸወታ ወጻኢ እናገበርዎ፡ ክእለቱን ዓቕሙን ክመክን ጌሮሞ'ዮም።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብውልቀ ስሙያትን ንጡፋትን ተዋሳእቲ ቁጠባ ዝበሃሉ እንተሊዮም፡ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ወተሃደራዊ መኮንናትን'ዮም። እቲ ዝበዘሐ ኣብ ከተማ ዝነብር ክፋል ሕብረተሰብና ካብ ኢድ-ናብ ኣፍ ብዝኾነ ናብራ፡ ብህይወት ንምጽናሕ ዘድልይዎ መሰረታዊ ጠለባት ምምላእ'ኳ ኣጊምዎ፡ ተመጽዋቲ ዝኾነሉ ኩነት'ዩ ዘሎ። ኣብ ገጠራት ዝነብር ህዝብና'ውን እንተኾነ ቁጠባዊ ህይወቱ ዝተመስረተሉ ዓውድታት ሕርሻን መጓሰን ብማእለያ ዘይብሉ ሓጹር ዝተኸበበ'ዩ። ንኣብነት ንኩነታት መነባብሮ ሓረስቶት ሃገርና ኣብ ግምት ዘየእተወ፡ ፍጻሚኡ ብፍሽለት ዝተዛዘመ ፖሊሲ ጥሙር ማሕረስን ዘኸተሎ ዓሚቕ ቁጠባዊ ቅልውላውን ምጥቃስ ይከኣል'ዩ። ፖሊሲ ጥሙር ማሕረስ፡ በስገዳድ ክትግበር ጀሚሩ ብዘይ ውጽኢት ብፍሽለት ተዛዚሙ። ኣብ እግሩ ዝተተከኣ ኩሎም ሓረስቶት ዘፍረይዎ ምህርቲ ብመሰረት መንግስቲ ዝሰላዓሎም ዋጋ ናብ መኻዚኖታት ህግደፍ ከረክቡ ዝገብር ግዱድ መምርሒ ኣውጺኡ ከተግብሮ ምጅማሩ ናይ ቀረባ እዋን ተዘክሮና'ዩ። እዚ'ውን ከምቶም ዝቐደሙ ብጸረ-ልምዓት ፋሽስታዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ዝተወጠነ መደብ ብምኳኑ፡ ኣብ ዓውዲ-ተግባር ሓረስቶት ሃገርና ብክንዲ'ቲ ጻዕሮምን ዘፍረይዎ ምህርትን ተረባሕቲ ከይኮኑ ብምግትኡ፡ ንሕርሻዊ ንጥፈታትን ፍርያምነት ሓረስቶትን ኣጕቲሙ፡ ካብ ሓደ ጫፍ ውድቀት ናብ'ቲ ካልእ ዝበኣሰ ጫፍ ውድቀት ዝሸምም ካብ ምኳን ወጻኢ ፍታሕ ክኸውን ኣይበቐዐን። በዚ ተደጋጋሚ ፍሽለት ዘይተሰወጠ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢስይያስ፡ ብባህሪኡ ካብ ተሞኩሩኡ ክመሃር ስለዘይተዓደለ፡ ዜጋታት ኣብ መዓልቲ ክምገብዎ ዘለዎም መቑነን ከውጽእን ካብን ናብን ዝተጣሕነ-እኽሊ'ውን ከይተረፈ ከይዘዋወር ምቁጽጻሩ ከሐይል ጀመረ። እዞም ኩሎም ዓቕሊ-ጽበታዊ ስጉምትታት መንቀሊኦም ካብ'ቲ ጸረ-ልምዓትን ዕቤትን ዝኾነ ፋሽስታዊ ፖሊሲ ዝብገስ'ዩ። እዚ ከም ዓሳ ብርእሱ ጀሚሩ ዝመሽመሸ ስርዓት ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝሃለወ፡ እቲ ዑደት ተደጋጋሚ ናይ ፍሽለት ዕንክሊል ካብ ምኳን ዘድሕኖ ብፍጹም ኣይኮነን። እቶም ዛጊት ዝተፈተኑ ናይ ዓቕሊ-ጽበት ፖሊሲታት'ውን ኣሰር'ቶም ዝቐደሙ ካብ ምኳን ከይወጹ ብፍሽለት ናይ ምዝዛሞም ሚስጢር፡ ካብ ፋሽስታዊ ፖሊሲ ዝተደቐሉ ብምኳኖም'ዩ።

ካብ'ዚ ብተወሳኺ እኹል መጽናዕትን ቅድመ ምድላውን ዘይተገበረሉ ግዱድ ናይ ሰፈራ ፕሮግራም ኣብ ፖለቲካዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ህዝብታትና ዝፈጠሮ በሰላ ቀሊል ኣይኮነን። ኣፍራይ ሓይሊ ጉልበት ካብ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተነጺሉ፡ ብወፍሪ ባርነት “ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ” ጅሆ ምኳኑ ካብታ ዝነኣሰት ዓንኬል ስድራቤት ጀሚሩ ብደረጃ ሃገር ንዝሎ ቁጠባዊ ጽላታት ክርመስ ጌርዎ'ዩ። እዚ ከኣ ሓድሽ ቁጠባዊ ወፍርታት ክፈጥርስ ይትረፍ፡ ነቶም ካብ መግዛእቲ ዝወረስናዮም ብተዛማዲ ጽቡቕ ዝነጥፉ ዝነበሩ ቁጠባዊ ጽላታት ኣበርክቶኦም ሓሊዮም ክቕጽሉ ክገብር'ውን ኣይከኣለን። እዚ ስለዝኾነ ድማ ሎሚ ካብ መግዛእቲ ዝወረስናዮም ፋብሪካታት እቶም ዝበዝሑ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ገለን ተዓጽዮም ገለን ዓንዮም ወይ'ውን ኣብ መስርሕ ደውታ ዝርከቡ'ዮም። ግዳይ'ዚ ግስሩጥ ምምሕዳር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኮይኖም ካብ ዘለዉ ዓበይቲ ረብሓታት ዘለዎም ቁጠባዊ ወፍርታት፡ ወደብ ዓሰብን መጻረይ ነዳዲ(ሪ-ፋይነሪን) ካብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ'ዩ። ካልኦት'ውን ከም በዓል ፋብሪካ ሉስሉስ መስተ፣ ፋብሪካ ቢራ /ሞሎቲ/፣ ፋብሪካ ዘይቲ፣ ፋብሪካ ክርቢትን ሽምዓን፣ ፋብሪካ መስማርን ድስትን፣……ወዘተ ግዳይ'ዚ ፖሊሲ ብምኳን ናብ መስርዕ ሙዚየም ዝተሰጋገሩ ሓድግታት መግዛእቲ ኮይነን ኣለዋ። ብኩራት ናይ'ዘን ፋብሪካታት ንገዛእ-ርእሱ ዓብይ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝፈጥር ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፡ ኣብዞም ፋብሪካታት ተቖጺሮም ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታትን ኣብ ትሕቲኦም ዝመሓደሩ ስድራቤታት ኤርትራን ኣብ ግምት እንተኣትዩ፡ እቲ ሃሰያ ብደረጃ ሃገር ልዑል ምኳኑ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን።

በዚ ድማ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ **“ኤርትራ ከም ሲንጋፖር ክንገብራ ኢና”** ክብል ዝተጃህረሉ ማክሮ-ቁጠባዊ ፖሊሲኡ፡ ውጽኢቱ ጣቓ ዘይብሉ ኣብ ሃልኪ ፕሮፓጋንዳዊ መናፍሓት ዝበለየ፡ ናይ ወረቐት ንድፊ ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ። ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት እቲ ስርዓት ብዝወለዶም ተደጋጋሚ ኲናታት፡ ህዝቢ ካብ መሬት-ቤቱ ተፈናቒሉ፣ ዓያዪ ጉልበት ሰብ ኣብ ክንዲ ኣብ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣብ ትርጉም ኣልቦ ድፋዓት ተጸሚዱ፣ ብናይ ባርነት ወፍሪ ጅሆ ተዘሪዑ፣ ሓረስቶት ግዳይ ናይ'ቲ ንተደጋጋሚ ፍሽለታት ዘሳጥሖም ፋሽስታዊ ፖሊሲታት ላብራቶሪ /ቤት-መፈተኒ/ ኮይኖም ብምጽንሖም፣ ኤርትራ

ኣብ ትሕቲ’ዚ ስርዓት፡ ይትረፍ’ዶ ንሰደድ ዘቕነዐ ምህርቲ ክተፍርይሲ፡ ንናይ ውሽጢ ሃገር ጠለብ ዕዳጋታት’ውን ክተጽግብ ኣይከኣለትን። ህዝብታትና ንከቢድ ደርቅን ዓጸቦን ተሳጢሖም፡ ክሳብ ንፍቕዲ-ባኒ ብናይ ኩፖን መቑነን ንምርካብ በሳሕይታ-ቁሪ ኣብ ነዋሕቲ መሳርዕ ተሰሊፎም ክሓድሩ ካብ ምኻን ዝኸፍአ ቁጠባዊ ውድቀት ከአ የልቦን። እዚ በሰላ’ዚ ሎሚ’ውን ዝሓወየ ኣይኮነን። ሎሚ ተራ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝረኽብዎ ወርሓዊ መሃያ ከም ኣብነት እንተወሲድና፡ ንመሰረታዊ ጠለባቶም ንምምላእ ዘኽእሎም ኣይኮነን። ህልዊ ኩነታት ኤርትራ፡ መግለጺ ናይቲ ብሩህ መጻኢ ዜጋታትና ዘጸልመተ ፋሽስታዊ ቁጠባዊ ፖሊሲ ስርዓት ኢሳይያስ ዝወለዶ ክውንነት’ዩ። ነዚ ሓቂ’ዚ ብሕጽር ዝበለ መግለጺ፡ ኤርትራ መጨጭሒ ነዳያንን ተመጽወትን ኮይናላ እንተኢልና፡ ፍጹም ምግናን ዘይብሉ ሓቂ’ዩ።

ብካልእ ሸነኽ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ውሽጢ’ዚ 20 ዓመታት ሰሪሐዮ ካብ ዝብሎም መዳመቒ መደባት ቲቪ-ኤሪ ኮይነን ዘነይቶአ ማካናይዝድ ሕርሻታት ሓደ’ዩ። ብርግጽ ዝተኣታተወ ቴክኖሎጂታት ልዑል ወጻኢታት ዝተገብረሉ ወፍሪ ምኻኑ ዝከሓድ ኣይኮነን። ኣተገባብራ’ዚ ፕሮጀክት ምስ እንዕዘብ ግን ጸረ-ልምዓትን ዕቤትን መሰረታዊ ባህሪ’ቲ ስርዓት ዝተንጸባረቐሉ ዓውዲ’ዩ። እዚ ሰፊሕ ፕሮጀክት ዝተተግበረሉ ናይ ሕርሻ ቦታ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስድራ-ቤታት ንመዋእል ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወቶም ዝተመስረተሉ ቦታ’ዩ። ነዞም ገባራት ብኣስገዳድ ብምፍንቓል ዝፍጸም “ልምዓት” ድማ ጸረ-ዕቤት’ዩ። ብካልኣይ እዚ ፕሮጀክትታት ብነጻ-ጉልበት መንእሰያት ኤርትራ ዝትግበር ዘሎ ምኻኑ፡ ጸረ-ደሞክራሲያውነት’ቲ ስርዓት ካብ ዝግለጸሉ ኣብነታት ሓደ’ዩ። ብሳልሳይ ካብ’ዚ ፕሮጀክትታት ዝርከብ ምህርቲ፡ ተቛደስቱ ውሑዳት ወተሃደራዊ መኮንናት’ዮም። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ’ዚ ጉዳይ’ዚ ኻኖት፡ ናይ በላዒ-ተዓዘብቲ’ዮም። ስለዚ እዚ መደብ’ዚ ውርሲ ናይቲ ባዕዳዊ ሓይሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ሞሶሎኒ ዝተኸተሎ ስቡሓት-መሬት ኤርትራ ብሕዛእቲ ገቢቱ ንመጋበሪያታቱ ብምሃብ ዘካይዶ ዝነበረ ምዝመዛ ዝደግም፡ ብሓድሽ መልክዕ ዝተቐረጸ ፋሽስታዊ ሕላገት’ዩ።

እዚ ህያው መረዳእታ ኣብ ባይታ ኤርትራ ክሳብ ዘይተለወጠ **“ኤርትራ፡ 20 ዓመት ሓበን”** ዝብል ጭርሖ፡ ናይ መንደልሓቕቲ ንዕቀት መግለጺ እንተዘይኮይኑ፡ ንክውንነት ኣይውክልን’ዩ። ካብ’ዚ እቲ ዝሓሸ ንክውንነት ኤርትራ ዝገልጽ፡ **“ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ህግደፍ፡ ናይ 20 ዓመታት ውህሉል ፍሽለታት”** እንተዝበሃል ኣብ ላዓቱ ዘሎ መግለጺ ምኾነ። እዚ ውህሉል ፍሽለታት ከኣ ከም ስርዓት ክሳዱ ክደፍእ ዝገብሮ፡ ከም ህዝቢ ከኣ ኣብ ልዕሊ’ቲ ጠላም ስርዓት ብነድርን ቁጠዐን ተላዒልና ክንሰሃሎ፡ መጻኢና ትስፉ ንምግባር ናይ መኣዝንና ቀየስቲ መሃንዲሳት ንምኻን ናብ ዘብቕዓና ወሳኒ መድረኽ መኸተ ዘሰጋግር’ዩ ክኸውን ዝግብኦ።

**<u>ስርዓት ህግደፍ ኣብ ማሕበራዊ መዳይ</u>**፡- ማሕበራዊ መዳይ ኣዝዩ ሰፊሕ ዓውዲ’ዩ። ህዝብታት ናይ ሓንቲ ሃገር ክረኽብዎ ዝግባእ ኣገልግሎታት ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ዓውዲ ዝጠቓለል ምስ ምኻኑ፡ ነቲ ዓውዲ ብኩሉ መለኪዒታት ንምድህሳሱ ምስ ግዜን ዓቕምን ልዑል ጻዕርታት ዝሓትት’ዩ። ንኣብነት ነቶም ቀንድን ምስ መዓልታዊ ህይወት ህዝብታትና ዝዛመዱ ዓውድታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምርኣይ’ኳ እንተፈቲና፡ ኣብያተ-ፍርዲ፣ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ሕክምና፣ ቀረብ ዝስተ ጹሩይ-ማይ፣ ኤሌትሪክ፣ መራኸቢታት፣…ወዘተ ኣዝዩ ሰፊሕ መግለጺታት ዘለዎ ዓውዲ’ዩ። ካብ’ቶም ንመወከሲን ነቲ ኩውንነት ንምምዛን ዝሕግዙና ሒደት ኣብነታት ብምልዓል ንምርኣዩ ምፍታን፡ ምስ ጊዜ’ውን እቲ ዝበለጸ’ዩ።

በዚ መሰረት፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዝርጋሐን ኣገልግሎትን ኣብያተ-ፍርዲ ንምዝራብ ገና ክንሓስብ ከለና፡ ንምኻኑ ኣብ ኤርትራ ፍትሒ ኣሎ ዲዩ? ንመስርሕ ፍትሒ ሙሉእነትን ሕጋውነትን ዘልብሱ፡ ክሱስ ብዛዕባ’ቲ ዝተኸሰሰሉ ጉዳይ ምፍላጥ፣ ንጉዳዩ ብጠበቓ ምክትታል፣ ይግባይ ናይ ምባል፣ መሰሉ ዘውሕስን ነቲ ዝተዋህበ ብይን ብመሰረት ሕጊ ዘፈጽም ነጻ፣ ግሉጽን ተሓታትነት ዘለዎን ኣካል ኣሎ ዲዩ? ብመሰረቱ ኸ፡ መስርሕ ፍርዲ ካብ ተጽዕኖታት ፈጻምን ሓጋግን ኣካላት ነጻ ድዩ? ዝብል መሰረታዊ ክሳዳዊ ሕቶ ብምልዓል፡ ነቲ ስርዓት ክንፍትሾ ዘገድደና ኩነታት ከምዘሎ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ’ዩ። ብርግጽ ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ ፍትሒ ከውሕስ ዝኽእል፡ ብኣዋጅ ዝተመስረተ ነጻ ፍርዳዊ ኣካል የለን። እዚ ወሳኒ ኣካል ኣብ ዘየለወሉ፡ ብዛዕባ ዜጋታት ብቀረባ ዝረኽብዎ ኣገልግሎት ኣብያተ-ፍርዲ ኣሎዶ የለን? ብዝወሃቦም ኣገልግሎታት ዕጉባት ዲዮም ኣይኮኑን? ዝብል ሕቶ ምልዓል ሽኻል ዘይብሉ ህውታቲያ’ዩ። ኤርትራ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ንጹሃት ዜጋታት ብዘይ ፍርዲ ዝዳጎኑላ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ምኻና መባእታዊ ኣፍልጦ ኩልና’ዩ። ኣብ ኤርትራ ሕጊ ዘይፈልጠን፣ ንሕጊ ዘይምእዘዛ፣ ብዊንታ ውልቀ ሰባት ዝምርሓ፣ ብሲኦል ተግባራተን ዝፍለጣ ኣስታት 300 ኣብያተ-ማእሰርትታት ብንጹሃን ዜጋታት ዘቕቢበን ምህላወን ናይ ኣደባባይ ሚስጢር’ዩ። ንጹሃት ዜጋታት ከም ግኡዝ ንብረት-ሕድሪ **“ኣጽንሒልና”** ተባሂሎም ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝተመቁሑን ሓታቲ ዘይብሎም ብኢ-ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዝማስኑ ዘለዉ ዜጋታት ማእለያ የብሎምን። ፍሉይ ቤት ፍርዲ ዝውክሰሉ ሕጋዊ ሰነድ ዘይብሉ፡ ይግባይ ዘይበሃሎ፡ ንዝተወሃበካ ፍርዲ **“ኣሜን”** ኢልካ ጥራይ ክትቅበል ዝገብር ፍጹም-ምልክነት ኣብ ዝነገሰሉ፡ ነጻነት ኣብያተ-ፍርድን መስርሕ ፍትሓዊ ዳንነትን ኣብ ዝጉዕጸጸሉ ስርዓት፡ ህንጻታት ኣብያተ-ፍርዲ ምስማዮም ትርጉም ኣልቦ’ዩ።

ኣብ ውሽጢ’ዚ 20 ዓመታት ቀረብ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ምስ እንርእይ፡ ብዓይነትን ብዝሕን ጥራሕ ዘይኮነ ብመሰረታዊ ትሕዝቱኡ’ውን ቁልቁል ዝኣፉ ተነቖቱ፤ ተስፉ መጻኢ ወለዶታት ኤርትራ ዝቐትል ፖሊሲ’ዩ ክትግበር ጸኒሑ። ንኣብነት፡ ስርዓተ ትምህርቲ ሓንቲ ሃገር ክቕረጽ እንከሎ፡ ንውሽጣዊ ፖለቲካዊ፣ ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ኩነታት እታ ሃገር ምርኩስ ብምግባር፡ ዜጋታት ንሃገራዊ ልምዓታዊ መደባት ብሳይንሳዊ ስነ-ፍልጠት ከተርንዕዎ ዘኽእሎም ዓቕሚ ንምፍጣር ክሕግዝ ተባሂሉ’ዩ ዝዳሎ። በዚ መንጽር ስርዓተ ትምህርቲ ኤርትራ ዝምረሓሉ ካሪክለም እንተርኢና፡ ካብ ኣቀራርጽኡ ጀሚሩ ንልዕልነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብዘገልግል መንገዲ፡ ታሪኽ ሰውራ ህዝብታት ኤርትራ ብሕታዊ ታሪኽ ህግ

ኣምሲሉ፡ ህግደፍ ብዝመረጸ መንገዲ፡ ንዑኡ ክመስል ብዝ'ኽእል ኣገባብ፡ ንዘይደልዮ ቆሪጹ ብምልቃብ፡ ስኑዕ-ታሪኽ ምርኩስ ዝገበረ ካርክለም'ዩ። እዚ ከኣ'ዩ ካብ መባእታ ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝንቡዕ ታሪኽን ሰረት ዘይብሉ ሃገራውነት፡ ኣብ ሓንጎል ዕሸላት ንምህናጽ ዓሊሙ ዝካየድ ዘሎ፡ ታሪኽን መንነትን ናይ ምብራስ ወፍሪ ፋሽስትነት። እዚ ብደረጃ ካሪክለም ወይ ስርዓት-ትምህርቲ ክንመዝኖ ከለና'ዩ።

ካብ'ዚ ብዝኸፈአ ኣብ ዓውደ ተግባር፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝፈጸሞም ዓበይቲ ገበናት ኣለዉ። ከም ዝፍለጥ ኣብ ህንጸት ዜጋታት ኩሎም ኣካላት ሕብረተሰብ ዘይትካእ ግደ ኣለዎም። ኣብ ክሊ'ዚ መሰረታዊ ሓቂ ካብ ግደ መማህራን ብዘይፍለ ወለዲ ወሳኒ ብጽሒት ከም ዘለዎም ዝከሓድ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ'ዩ ንናይ ጽባሕ ተረከብቲ ሃገር ዝኾኑ ዕሸላት፡ ብስነ-ምግባርን ስነ-ፍልጠታዊ ኣካዳምያዊ ዓቕምን ናይ ምኹስኳስ ዕማም፡ ምስ ዝነብሩሉ ከባብን ማሕበረ-ሰብን ተዛሚዱ ዝኸይድ ዘይነጻጸል ዕማም'ዩ ዝበሃል። ፍሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ግን ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት፡ ንተማሃሮ ካብ ኣብራ'ኽ ወለዶም ብምንጻል፡ ኣብ ወተሃደራዊ ኮምፖታት ጅሆ ብምዝራዕ፣ ምስ ኣካዳሚያዊ ነጻነት ፍጹም ብዝጻረር ወተሃደራዊ ሕግን ዲሲፕሊን ቀይዱ፣ ዝመራመር ዘይኮነስ ንዝተባህሎ "እሺ" ብምባል ዘተግብር፣ ንናይ ጽባሕ ሃገር ዝርከብ ዘይኮነስ ኣንቃዕሪሩ ዝጽበይን ዘምል'ኽን ወለዶ ንምቕራጽ፡ ብመደብ፡ ተስፋ ሃገርን መጻኢ ዕድል ወለዶታትን ዝቐትል ፖሊሲ'ዩ ከተግብር ጸኒሑን ዘሎን። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ነታ ሓንቲ ሓድጊ መግዛእቲ ዝነበረት ዓለም-ለ'ኻዊ ኣፍልጦ ዝነበራ ብሕታዊት ዩኒቨርስቲ ብምዕጻው፡ ተስፋ ኤርትራ ከም ዝጽልምት ዝገበረ ስርዓት'ዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ቀረብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፣ ዝስተ-ጹሩይ ማይ፣ ኤሌትሪክ፣ መራ'ኸቢታት…ወዘተ ኣብ ህልውና ስርዓት ህግደፍ ናይ ህዝብታትና ተጠቃምነት እንታይ ይመስል ንርአ። ነዚ ዛዕባ'ዚ ክንርእይ ክንብገስ እንከለና፡ ካብቲ ኣቐዲምና ዝራኣናዮም ጉዳያት ብትሕዝቱኡ ዝተፈለየ ነገር ከምዘየለ ንጹር'ዩ። ከምቲ ኣቦታትና ዝብልዎ **"ፍርቂ ነብሳ ትሰብሕ ላም** …" ስለዘየላ ሓድሽ ነገር ብርግጽ ኣይንጽበይን ኢና። ኣብ ክሊ'ዚ ምስ ፍሉይነት'ዚ ጉዳይ፡ ቀዲምና መዐቀኒታትና እንተነጺርና ነቲ ክውንነት ብልክዕ ንምምዛኑ ክሕግዘና'ዩ።

ስርዓት ኢሳይያስ ይኹን ወይጦታቱ፡ ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ ነጻነት ተጌሩ ዝበሃል ህዝቢ ዝረኸቦ ዘሎ ማሕበራዊ ቀረብ ክዛረቡ እንኮለዉ፡ "ኣብ ግዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘይነበረ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ህዝቢ ዓዲ-እከለ ኣብ ቀረብኡ ይረክብ ኣሎ፤ ብዝረ'ኽቦ ኣገልግሎት ከኣ ዕግበቱ ገሊጹ፤…..ወዘተ" ንዝብልዎ ፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ፡ ዝተነጸረ ስእሊ ምሓዝ ጹቡ'ቕ'ዩ። ብዓንዲ-ርእሱ ኩሎም ባዕዳውያን ገዛእቲ ኤርትራ፡ ጂኦ-ፖለቲካዊ እስትራቴጂካዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ኣብ ረብሕኦም ንምውዓል፡ ተፈጥሮኣዊ ሃብትናን ጸጋታትናን ንምጉሕጓሕ ዓሊሞም ዝመጹ'ዮም። ብፍላይ ከኣ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኢትዮጵያ **"ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድለየናን"** ብምባል ኣብ ኣደባባይ ዝጨርሑ ገዛእቲ ምንባሮም ዘይተ'ኸወለ ሓቂ'ዩ። ስለዚ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣቋ ስለዘይተጸበና፡ እዚ ዘይተገበረልና? እቲባ ተሪፉና? እንብሎ የብልናን፤ ክህሉ'ውን ኣይግባእን። ሎሚ ድሕሪ 20 ዓመታት መዛግቦም ንግንጽለሉ ም'ኽንያት'ውን የብልናን።

ሰውራ ኤርትራ ካብ ዝተቓለሰሎም መሰረታዊ ዕላማታቱ እቲ ሓደ፡ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዝተነፍጉዎም ኩሉ-ዓይነት ማሕበራዊ መሰላቶም ብምውሓስ ምዕሩይ ዝርጋሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምብጻሕ'ዩ። ስለዚ ኣብ ጉዕዞ'ዚ 20 ዓመታት ብኣወንታ ወይ'ውን ብኣሉታ ዝግለጹ ማሕበራዊ ቀረባት እንተሊዮም፡ ዋንኦም ምስ ዝኾነ ይኹን ኣካል ምንጽጻር ዘየድልዮ ስርዓት ኢሳይያስ'ዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ትሕቲ'ዚ ስርዓት'ዚ፡ ህዝብታት ኤርትራ ዝረ'ኸብዎም ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብመንጽር'ቲ ሰውራና ምእንቲ ምርግጋጽ ምዕሩይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝተ'ኸፈሎ ዋጋን ካብ መግዛእቲ ብዝወረስናዮም ሱር ዝሰደዱ ተባራዕቲ ማሕበራዊ ሽግራት ህዝብታትና ኣብ ምቅላል ብዘለዎ ትርጉም ኣንጻር፡ ተራ ስርዓት ህግደፍ ኣወንታዊ'ዶ ኔሩ ኣይነበረን? ዝብል'ዩ ሽካልና ክ'ኸውን ዝግብኦ። ነዚ ሕቶ'ዚ ብዘየላጢ፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ብም'ኽንያት መዓልቲ ነጻነት 24 ግንቦት 2011 ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ **"ብመንጽር ድሌት ህዝብናን ክንሰርሖ ዝሓሰብናዮን፡ 10% ዝ'ኸውን'ውን ኣይሰራሕናን"** ክብል ብተደጋጋሚ መሊስዎ'ዩ። ስለዚ ባዕሉ 10% ኣይሰራሕናን እናበለ እንከሎ፡ "ኣይፋል ሰሪሕናባ" ብምባል ኣብ ውዱእ ጉዳይ፡ ልሳናት'ቲ ስርዓት ይግባይ ይሓቱ ምህላዎም ዘይንስሕቶ'ኳ እንተ'ኾንና፡ ንምንታይ ዘይተሰርሐ? ንዝብል ሕቶ ናብ ዝሃቦ መመ'ኽነይታ ክንሰግር። "….**ዶባትና ኣብ ምውሓስ ተጸሚድና ብምጽናሕና፤ ተጻባእትና ብዶብ ኣመሳሚሶም ዝፈጠሩልና ዝተሰነዐ ብድሆታትን እናመከትና፡ መኣዝንና ከይሰሓትና ዘመዝገብናዮም ዓወታት** ………. **ዝነዓ'ቕ ኣይኮነን**…. " ብርግጽ መጥመሪ ማእዶ ዘይብሉ ህውታትያ ዘረባ'ዩ። ካብ ልምዓትን ምህናጽ ሃገርን ቦ'ኾሩ፡ ኣብ ኲናትን ወረ-ኲናትን ተጸሚዱ ምጽንሑ ነጋሪ ኣይመድለዮን። ግን ከኣ **"ኣብ መ'ኸተ ተጸሚድና"** ክሳብ ዝበለ ሓደ መሰረታዊ ጉዳይ ክነልዕል ግቡእ ይመስለና። ብመሰረቱ ንኤርትራ ናብ ከምዚ ዝኣምሰለ ተነጽሎ ዝሸመመ፡ ኣልቦ-ፈታዊ ዝገበራ፡ ፈላሚ ናይ ተጻብኦታት ክርቢት ዝሸርጥጥ ኣካል፡ መን ድዩ? ኩልና ብማዕረ እንርዕሞ ሓቂ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ም'ኳኑ'ዩ። **"ሓጺራትኪ እንተበልኩስ ተደቢራ ትስዕስዕ"** ከም ዝብልዎ ለባማት'ዩ ነገሩ።

እዚ ካብ ኮነ'ምበኣር እቲ ሓቂ፡ ዝርገሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዕድመ'ዚ ፋሽስታዊ ስርዓት ከመይ ኔሩ? ዝብል ክሳዳዊ ሕቶ ክንምልስ። ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ህዝብታት ኤርትራ ረ'ኺቦሞ ዝበሃል ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ፍጹም ጸረ-ደሞክራስን ጸረ-ህዝብን ብዝ'ኾነ መንገዲ ዝተፈጸመ'ዩ። ረብሑኡ ከኣ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብዘገልግል ኣገባብ ዝተቓነየ'ዩ። ከመይ? ከመይ ዝብል ለባም! ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20

ዓመታት፡ ህዝቢ ካብ መረብ-ቤቱ ኣፈናቒሉ በስገዳድ ኣብ ሓደ ከባቢ ክሰፍር እናገበረ ዝመጸ'ዩ። መንቀሊ'ዚ ግዱድ ሰፈራ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብብቱን ኣተሃላልዋ ዝሰፈረ ህዝቢ፡ ኣካውንኡ ንጸጥታዊ ስግኣት ናይቲ ስርዓት ዘሻቕል ብምንባሩ፡ ካብ ፋቶቱ ወጻኢ **"ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት መንታን ክትረኽቡ"** ብዝብል ጉልባብ ዝተፈጸመ'ዩ። ነዚ መደብ'ዚ ዝተቓወሙ ብዙሓት ንጹሃት ዜጋታት ህጣሞም ጠፊኡ'ዩ። እዞም ንጸጥታዊ ስግኣታት እቲ ስርዓት ንምቅላል፡ ንእግረ-መንገዶም ዝተሰርሑ ቀረባት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ቀጻልነት ዘይብሎም ምኻኖም ከኣ፡ ብቀደሙ'ውን ንህዝቢ ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምብጻሕ ዓሊሞም ዝተተግበሩ ስለዘይነበሩ'ዩ። ንኣብነት፡ ከም ሓወልቲ ዝቖሙ ግን ከኣ ኣገልግሎት ዘይህቡ ኣብያተ-ሕክምናታት ምህላዎም፡ ናይ'ቲ ምስሉይ ተዋስኦ መግለጺ'ዩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዜጋታት ብቐሊል ሕክምናዊ ኣገልግሎት ተሓኪሞም ክሓውዩ ዝነበሮም ዕድል ብምስኣኖም፡ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክጓረቱ ምርኣይ ዝተለምደ ኮይኑ'ሎ። እዚ ሳዕቤን ናይቲ ብቑዕ ህክምናዊ ኣገልግሎት ዘይምህላው'ዩ። ካልእ ብብዙሕ ወጻኢታትን ከቢድ ሃልኪ ጉልበትን ተሰሪሑም ዝተዛዘሙ፡ ድሕሪ መመረቕትኦም ድብት ዝመልኡ፡ ወይ'ውን ንውሽጢ ዝሃመሙ ዲጋታት፣ ሓጽብታትን ራህያን ማእለያ ከም ዘይብሎም ህዝቢ ባዕሉ ዝምስክሮ'ዩ። እዚ ኩሉ ፍሽለታት፡ ፖሊሲ ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንናይ ህዝቢ መሰረታዊ ሽግራት ንምቅላል ዝዓለመ ዘይኮነስ፡ ፖለቲካውን ጸጥታውን ስግኣታት ናይቲ ስርዓት ንምቅላል ዝተወጠነ ውዲት ስለዝኾነ'ዩ።

<u>**ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ**</u>፡- ምስሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ መግለጽን ነጸብራቕን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝኽተሎ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ኣግላልን-በሓትን ፖሊሲታቱ'ዩም። ካብ ጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህሪኡ ዝተበገሰ፡ ንፖለቲካውን ብዙሕነታውን ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ ብምኽሓድ ዝጀመረ ዘውዲ-ፋሽስትነት፡ ብሰንኪ ዝተኸተሎ ኣግላልን በሓትን ፖሊሲታቱ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ብቀጻሊ ውሽጣዊ ግርጭታት ክሕቆን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም እሳተ-ጎመራዊ ሓዊ ውሽጣዊ ረስኑ እናዛየደ ንክትኮስ ኣብ ጠርዚ ኣብ ዝበጽሐሉ ህሞት፡ ንናይ ወጻኢ ዝምድናታቱ በጃ ዝስየፍ ገንሸል ክገብሮ ጸኒሑ'ዩ። ብርግጽ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ንዘለዎም ክቱር ፍቕሪ ብምምዝማዝ **"ተወሪርኩም፡ ቅድሚያ ሃገር ነውሕስ"** እናበለ ህልውና ስርዓቱ ንምዕቃብ ምቹእ ዕድላት ዝፈጠረሉን ከም ድላዩ ክዕንድር ዝኾነሉን ምኽንያት፡ ድኹም ንቕሓትናን ኣካውናናን ተበሊጹ'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ሎሚ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብተደጋጋሚ ብዝተፈላለዩ ምስምሳት ጎንጺ እናሸርጠጠ፡ ንውሽጣዊ ተቓውሞታቱ ንምጉታም ዝተኸተሎ ስልቲ፡ መንነት'ቲ ስርዓት ጥራይ ዝባኑ ኣውጺኡ፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊ መድረኻት ዝተጸየነ፡ ብሕሱም ብሕትው ተነጽሎ ዝሳቐ ውጉዝ ስርዓት ጌርዎ'ሎ።

በዚ ፋሽስታዊ ፖሊሲ'ዚ ንዲፕሎማስያዊ ዝምድናታቱ ዝቓነየ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ምስ ሱዳን፣ የመን፣ ጁቡትን ኢትዮጵያን ግርጭታት ጻሕቲሩ ኲናት ክሳብ ምውላዕ ኣብጺሑዎ'ዩ። ጠንቂ ናይ'ቲ ኲናት ከከም ኲነታቱ ዝተፈላለየ'ኳ እንተኾነ፡ መንቀሊኡ ግን እቲ **"ቅድም ተኲስ፡ ደሓር ተዛተ"** ብዝብል ልጓም ኣልቦ ሃላሊ ኣቦ-ጓይላ ኲናት ዝኾነ ባህሪ ስርዓት ኢሳይያስ ዝፈጠሮ ምዃኑ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከይተረፈ ዘረጋገጾ ሓቂ'ዩ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ንልዕሊ 10 ዓመታት፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብዘይ-መብረ ክምርሓሉ ዝጸነሐ፡ ድርኺት ውሽጣዊ ተርባጹ፡ ጎብለል ናይ'ዚ ዞባ ናይ ምዃን ሕልሙ፡ ንህዝብታት ኤርትራ ከም ህዝብን ሃገርን ግዳይ ከቢድ ክሳራታት ጌርዎም'ዩ። ልዕሊ ዓሰርተታት ኣሽሓት ግዳይ ሞትን ስንክልናን ክኾኑ እንከለዉ፡ ሰብኣውን ንዋታውን ጸጋታት ሃገር፡ ኣብ ናይ ከናት መጋርያ ክህንኮት ኮይኑ'ዩ። ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ተመዛቢሉ፡ ብዘይ-መጽለልን እኹል ማሕበራዊ ቀረባትን ንዓመታት ኣደዳ-ስቓይን ጉስቑልናን ኮይኑ'ዩ።

ብጀካ'ዚ፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ንክብሪ ኤርትራውነት ዘራኸሰ፣ ንህይወት መላምል መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ናይ ዓውደ-ኲናት ዕዳጋ ኣውሪዱ፡ ብጥማር ዶላራት መኽሰብ ከኻዕብት ዘይሓነኸ ስርዓት'ዩ። ኣብ ዞባ ዓበይቲ ቀላያት ዲሞክራቲክ ኮንጎ፡ ብቦጦሊኒታት ኮማንዶን ከቢድ ብረትን ዝተሰነየ፡ ናይ ዕሱብ ኣገልግሎቱ ንልዕሊ 4 ዓመታት ክህብ ጸኒሑ'ዩ። ንመንግስቲ ሱዳን ንምግልባጥ፡ ኣብ ጎድኒ ብጆን-ጋራንግ ዝምራሕ ዝነበረ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ደቡብ ሱዳን ወጊኑ ዝተሰለፈ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ብጀነራል ተኸላይ ሃብተስላሴ ዝምራሕ ሰራዊት ኤርትራ ኣኽቲቱ ተደጋጋሚ ኲናት ኣካይዱ'ዩ። ብተመሳሳሊ፡ ሎሚ መሬት ኣፍ-ዑንቂ ዝኾነቶም ናይ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን መወልቱ ብዝህብዎ ናይ ዶላር ጉንያ፡ ንዝመልመሎምን ዘዕጥቖምን ሶማላውያን ሓይልታት ንምሕጋዝ ዕሽላት መናእሰይ ኤርትራ፡ ብሶማላዊ ዜግነት ታሴራ ተዋሂቡዎም ኣብ ጎኒ መሳርዕ ኣልሸባብ ተሰሊፎም ክስየፉ ዝገበረ ነውረኛ ስርዓት'ዩ። ኣብ'ዚ ስግረ-ዶብ ወፍሪ'ዚ ህይወት መንእሰያት ኤርትራ ብከንቶ ክሓልፍ እንከሎ፡ ኢሳይያስ ግን ጥማር ዶላራት'ዩ ሓፊሱሉ። መዓስ'ዚ ጥራይ። ኤርትራ፡ ወተሃደራዊ መናሃርያን መደበርን ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ተቓወምቲ ውድባት ክትከውን ጌሩዋ'ዩ። ኣብ ዓለም-ለኻዊ መድረኽ ከይተረፈ ሽሙ ምስ ግብረ-ሽበራዊ ምንቅስቓስ እናተጠርጠረ ዝኽሰስ ዘሎ ካብ ኣል-ሸባብን መራሕቱን ጀሚርካ፡ ናይ ሱዳን፣ ናይ የመን፣ ናይ ኢትዮጵያ፣ ናይ ጅቡቲ ተቓወምቲ፡....ወዘተ ኩሎም ኣብ ሑቑፉ ኣጽሊልዎም ይርከብ። እዞም ሓበጀራዋይ ፖለቲካዊ መንነት ዘለዎም፡ ወረ ገሊኦም ንልኣላውነት ኤርትራ'ውን ዘይቅበሉ ተቓወምቲ ውድባት ናይ'ዚ ዞባ፡ መዓስከሮምን መዋፈሪኦምን ኣብ ኤርትራ ምግባሮም፡ ባህሪ'ቲ ስርዓት **"ናይ ጸላእየይ ጸላኢ ፈታዊየይ"** ካብ ዝብል ድሑር ኣረኣእይኡ ተበጊሱ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምሕማስ ናይ ድኹማት ጎብለል ናይ ምዃን ሕልሙ ምቹእ-ድኹዒ ስለዝኾኑዎ'ዮም። እቲ ዝሐንኽ ፖለቲካዊ ዝሙት ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ በቶም ኣብ ልኣላዊ መሬት ኤርትራ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ዝፍጸም ዘሎ በደላትን ግፍዕታትን እናረኣየ ዕሽሽ ይብሎ ምህላዉ እዩ። ናይ'ዞም በደላት ቀንዲ ተሓታቲኡ ድማ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ባዕሉ ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን።

ብኣጠቓላሊ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ብዝተኸተሎ ዘይቅርዑይ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ፖሊሲ፡ ንጹቡቕ ምስሊ ሃገርና ዓይኑ፣ ካብ ፈተወትና ዝኾኑ ህዝብታትን መንግስታትን ጎረባብቲ ሃገራት ነጺሉ፣ ንሃገርና ኤርትራ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተገለለት ጽይንቲ፣ መናሃርያን መዐንገሊትን ብግብረ-ሽበራዊ ተግባር ዝጥርጠሩ ሓይልታት ጌሩዋ'ሎ። ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ23 ታሕሳስ 2009- 1907 ብዝብል ቁጽሪ ዝፍለጥ፡ ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ስርዓት ኢሳይያስ ኣነጻጺሩ ዘሕለፎ ናይ ምንቅስቓስን ንብረቶም ናይ ምድስካልን እገዳ ውጽኢት ናይ'ዚ ልጓም ዝበተኸ ፋሽስታዊ ዕንደራ'ዩ።

**<u>ሓጺር መጠቓለሊ</u>**፡- እዚ ኣብ ላዕሊ ንፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ዝሓለፉ 20 ዓመታት ነጻነት ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝዳህሰሰ፡ ብህያው መረዳእታታት ዝተሰነየ መግለጺታት፡ ካብ'ቲ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ነጻ ተሞኩሮኦም ተበጊሶም ንዝገልጽዎ ጥረ-ሓቅታት ብመጠኑ ዘንጸባርቕ ግን ከኣ ኣዝዩ ሒደት ምዃኑ ዘጠራጥር የብሉን። ምኽንያቱ ጉዕዞ 20 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ህዝብታት ኤርትራ ዝራኣይዎ ሕሰመ-መከራ፣ ከቢድ ስንብራት ዝገደፈሎም ናይ ኩናት እዋናት፡ ንሱ ዝፈጠረሎም ሰብኣዊ ንዋታዊ ሞራላውን ስነ-ኣእሙራውን ውድቀታት ብጹሑፍ ንምግላጹ ከቢድ'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ዘሕለፍዎ ናይ ጥሜትን ዓጸቦን፣ ናይ ስደትን ምምዝባልን፣ ኣብ ገዛእ-ሃገሮም ክሳዶም ክደፍኡ ዝገበረ ናይ ራስያ፣ ጭውያ፣ ዓፈናን ቅንጸላን ዘስካሕክሕ ግፍዕታት፡ ኮታ ኣብ ማዓሙቕ ልቦም ከም ጸሊም-ደም ሰሪቡ፡ ምኩር ሓንግፈ ክሳብ ዝረክብ ንግዜ ዝጽበ ዘሎ ሕማቕ ዝኽርታቶም፡ ኣብ'ዚ መሊእካ ንምግላጹ ከም ዘሸግር ዘማትእ የብሉን። ኣብ ክሊ'ዚ ግን ሓደ መሰረታውን ሓባራውን ሓቂ ንምቕማጥ ዝዕንቅፈና ዋላ ሓደ ምኽንያት የብልናን። ዝሓለፉ 20 ዓመታት ጉዕዞ ነጻነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብጸሊም ታሪኻዊ ገበናት ዝተጸፈየ፡ ናይ'ዚ መዋእል'ዚ ዘሕንኽ ታሪኽ ምዃኑ ብልበ-ሙሉእነት ሰጋእ ከይበልና እነረጋግጾ ሓቂ'ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን መጋበርያታቱን ነዚ ጉዕዞ'ዚ "ሓበን'ዩ" ክብሉና ዘይምሕናኾም፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ደቁን ዘለዎም ክቱር ንዕቀት መግለጺ'ዩ። ብርግጽ እዚ ብምባሎም ይኹን በቲ እግርን ኮቦሮን ዘይተሳነየሉ ስምራ ዘይብሉ ጓይላን ዳንኬራን፡ ነቲ ክውንነት ብፍጹም ክቕይርዎ ኣይክእሉን'ዮም። ግን ከኣ ተግባራቶም መመሊስና ቁስልና ክንሓኽኽ፡ ንመቓብር ስውኣትና ዝኹሕኩሕ'ዩ። ነዚ ዝኸውን ትዕግስትን ተጻዋርነትን ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ጸንቂቕናዮ ኢና። ትዕግስትና ፍርሒ፣ ምጽዋርና ዕሽነት እንተተቐጺሩ፡ ሎሚ ተሪፉና ዘሎ ኣብ ልዕሊ ብብዱዕ ትምክሕቲ ዝዓወሩ ደመኛታትና፡ ብሰውራዊ ሕራነን ነድርን ክንለዓል፡ ኣብ ልዕሊ መቓብሮም ጎይቶት መጻኢ ዕድልና ክንከውን ጥራይ'ዩ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ብሕታዊ ምርጫ። ደጊም-ይኣክል!! ክንብሎም ዝግባኣና ናይ ዜሮ ሰዓት ድማ ሕጂ'ዩ።

## ሃገራዊ ነጻነትና ዓቂብና፡ ንብሩህ መጻኢና ነማዕዱ

ህዝብታት ኤርትራ 20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ 30 ዓመታት ድማ መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ኣካይዶም፡ ኩሉ መዳያዊ መስዋእቲ ከፊሎም ሃገራዊ ነጻነቶም ኣረጋጊጾም። እዚ ዘይቅየርን ኣብ ዝኾነ እዋን ንድሕሪት ክምለስ ዘይብሉ ታሪኻዊ ዓወት ህዝብታትና እዩ። ሃገራዊ ነጻነት ጥራሕ ንበይኑ ግን ኣኹል ኣይኮነን። እኳ ደኣስ መሰጋገሪ ድልድል ናብ ዘተኣማምን ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሕን ኩሉ መዳያዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለን ክኸውን ኣሎዎ። ናይ'ቶም ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት መተካእታ ዘይብላ ክብርቲ ሂወቶም ዝኸፈሉ ጀጋኑ ሰማእታትና ካሕሳ ዝኸፈል፡ ሃገር ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻ ኮይና፡ ባንዴራና ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ቤት-ጽሕፈታትን ዓበይቲ መድረኻትን እናንበልበለት ኣንቃዕሪርና ክንርእያ ብምብቃዕና ጥራይ ኣይኮነን።

ኤርትራ ሃገርና ኣብ ናይ 20 ዓመታት ጉዕዞኣ፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት-ምምሕዳር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ እንክንርእያ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ህዝብታትና ኣብ ትሕቲ ተባራረይቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘሕለፉዎም መረርቲ ናይ ጭቆናን ግፍዕን ዘመናት ክንዝክርን ክነወዳድርን ይገብረና ምህላዉ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ብርግጽ ሕሉፋት ባዕውያን ገዛእትና፡ ኣብ ሂወት ህዝብታትና ዝወተፉዎ ጣቋ ብምንባሩ ኣይኮነን። እቲ ተዘክሮ፡ ደረጃ ግፍዕን መጠን ምረትን ሕሰምን ህዝብታትና ንምንጽጻር ዝዓለመ ምዃኑ ዘይሰሓት እዩ።

ኣብ ናይ 20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ 30 ዓመታት ኣብ ኣፍሪቃ መወዳድርቲ ዘይብሉ ዝተናውሐ ዕጥቃዊ ተጋድሎ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቱ ዘካየደ ህዝቢ፡ በቶም ኣብ ማእገሩ ሓንጊሩ ናብ ስልጣን ዘብቅየም ፍንጫል መሰንገሉኡ ዝኾኑ ደቁ፡ ስርዓተ ምምሕዳሮም፡ ምስ ሕሉፋት ባዕዳውያን ገዛእቲ እናነጻጸረ ምዝራቡ፡ ብዘይምኽንያት ኣይኮነን። ትማሊ ኣብ ጽባሕ ሓርነት፡ ንጸረ ደሞክራስያዊ ኣከያይዳኦም እናተዓዘበ፡ **"ደሓን ሓደስቲ ስለዝኾኑ እዮም፡ ንጸመም ደኣ። ኩሉ ነገር ድሕሪ ሪፈረንደም ክኸውን እዩ"** እናበለ ከምዘይተኸላኸለሎም፡ ኣብ ሎሚ በጺሑ፡ ምስ ደመኛታት ባዕዳውያን ገዛእቱ ከነጻጽሮም ይደናደን ምህላዉ ዘመላኸቶ ዓብይ ሓቂ ምህላዉ ዘይሰሓት'ዩ።

ህዝብታት ኤርትራ ካብ ብዙሕ ምቁር ዘረባታት፡ ግብሪ ብዝያዳ ከምዘምህሮም ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ'ውን እዮም፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት ነጻነት፡ ካብ ዘዋህለሉዎ ተግባራዊ ተሞኩሮ፡ ሕርሕራይ ገይሮም መንነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ህግደፍን ምስ ሕሉፋት ባዕዳውያን ገዛእቲ ከነጻጽሩዎ ተገዲዶም ዘለዉ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ሃገራዊ ነጻነቶም፡ ፍንጫሕ መሰንገለኦም ዝኾኑ መላምል ደቆም በጃ ከፊሎም ዝረኸቡዋ ምኻና ማንም ዝነግሮም ኣይደልዩን። ሃገራዊ ነጻነት በጃ ዝተሰውኡን ዝሰንከሉን ደቆም፡ ዝበረሰ ሃብትን ጥሪቶምን ምኻና ሓባሪ ዝደልዩላ ኣይኮነትን። ኣብ ገዛእ ሃገሮም፡ ጓና፣ ንሽሻይ ሃገሮም ናይ ማዕዶ ተመልከቲ፣ ብናይ እንዳግቶም ቋንቋ ክመሃሩን ክዳነዩን፡ ብዘይመረጹዎም ባዕዳውያን ኣመሓደርትን ኮራኹሮምን እናተገዝኡ ዘሕለፉዎ ሂወትን ሕሱም ጭፍጨፋን ከርፋሕ ናብራ ሰደትን ኣንጻር ባዕዳውያን ጸላእቶም ክቃለሱ ከምዝተገደዱን ከቢድ ዋጋ ከፊሎም ንነጻነት ከምዝበቕዑ ብቐይሕ ደሞም ዝጸሓፉዎ ታሪኽ መረጋገጺ እዩ። ስለዝኾነ'ውን፡ ህዝብታትና ንመዓልቲ ሃገራዊ ነጻነት በብዓመቱ ብድምቀት ዘኽብሩዋ፡ ብዘየሎ መብጽዓታት ተታሊሎም ወይ ዘይትግበር ሕልምታት እናማዓደዉ ዘይኮኑስ፡ ንባዕላ ሃገራዊ ነጻነት ፍሉይ ክብሪ ዝወሃባ ዓወት ብምኻና እዩ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ'ዛ ዓሰርተታት ኣሽሓት በጃ ዝኸፈሉላን ኣማኢት ኣሽሓት ንስክልና ዝተቓልዑላ ነጻ ሃገሮም፡ ካብ ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእትና ዝተኸተሉዎ ግዕዙይ ስርዓት ምሕደራ ብመሰረቱ ዝተፈለየ ነገር ኣይረኸቡን። ሃገርና ክሳብ ሎሚ ብቅዋም ዘይትምራሕ ብሓደ ጨካን መላኺ ውልቀ-ሰብ ብር-እናበለ ብዘውጽኦም ሕግታትን ዝእውጆም ኣዋጃትን ትግዛእ ዘላ ሃገር እያ። ኤርትራ፡ ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ዘይተፈቕደላ፣ ሓሳባትካ ብነጻ ምግላጽን፡ ምእንቲ ረብሓኻ ብነጻ ምውዳብ ውጉዝ ዝኾነላ፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝብታት ከም ሕሱም ዝተጨፍለቖላ ነጻ ሃገር እያ። ሰበ-ስልጣን ሃገር፡ ገበርትን ሓደግትን ኮይኖም፡ ዜጋታት ብዘይ-ፍትሕን ፍርድን ኣብ ጣብያታት ፖሊስ ዝዳጉኑላ፡ ኣብ ዘይፍለጡ ጎዳጉድን ኮንተይነራትን ተኣሲሮም ብዘይ-ሓታቲ፡ ተደርብዮም፡ ዕድመኦም ዘብልዩላ ሲኦል ኮይናቶም ምህላዋ፡ ቤት-ማሰርቲ ዒራዒሮ፣ ዓዲ ኣብየቶ፣ ኣደርሰር፣ ትራክ-ቢ....ወዘተ እኹላት መሰኻክር እየም። ሰበ-ስልጣናትን ወታሃደራውያን ሓለፍትን፡ ጊላዊ ጉልበት መንእሰያት፡ ብዘይ-ገደብ ዝምዝምዙላ፡ ንደቂ ኣንስትዮ፡ ከደምትን መርወዪ ጾታዊ ድልየቶም ክኾና ዝተፈረዳላ ሃገር እያ። ቁጠባዊ ጽላታት ሃገር፡ ኣብ ኢድ ገዛኢ ሰልፊ ህግደፍ ተገቢቱ፡ ሰብ ሃብቲ ደቂ ሃገር መጻኢ ዕድሎም ጸልሚቱ ንክሳራን ውርደትን ዝተቓልዑላ'ያ። ህዝብታትና ብስእነት መሰረታዊ ጠለባት፡ ለይቲ ብቑሪ እናተሓንዘፉ ኣብ መስርዕ ዝሓድሩላ ሃገር እያ። ንኡስ ናይ ሸቐጥ ማእቶት ኣብ ትሕቲ ሹቕ ሕድሪ-ህግደፍ ተገቢቱ፡ ንስድራታት ብኩቦን እናተቐንጠረ ዝሽየጠላ፡ ህዝብታትና ብውሽጦም እናማሰኑ፡ ኣብ ገጾም ክምስ ክብሉ ዝግደዱላ ሃገር እያ ነጻ ኤርትራ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሃገርና ብቑዕ ዝተመሃረ ወለዶ ክርኢ ቆለኡ ዘይቅበሎ ብምኻኑ፡ እታ ዝርካባ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝወረስናያ ሓንቲ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዓጽዩ፡ ብወታደራዊ መኮንናት ዝመሓደራን፡ ብኣባላት ሓይሊ ምክልኻል ዝሕለዋን ኣብ ሕድሕደን ዝኾነ ይኹን ምትእስሳር ዘይብለን፡ ኮሌጃት ዶኪኑ፡ እሺ ባሃላይ፡ ምእዙዝን ካብ ዝተዓቀነሉ መስመር ዘይሓልፍ ናይ ምምርማር ነጻነቱ ዝተሓረመ "ሙሁር" ዘፍርየለን ትካላት ትምህርቲ ሃኒጹ ኣሎ። ብመጻኢ ዕድል መንእሰያት ኤርትራ ዝቋመር ስርዓት፡ ብመጻኢ ዕድል ሃገር ዝጣላዕ ምኻኑ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ኤርትራ ሃገርና፡ ሳላ ጀግንነታዊ ተጋድሎ ህዝባን፡ ኩሉ መዳያዊ መስዋእትን ነጻ ካብ ዝኾነትሉ ጽባሕ፡ ንጽቡቕ ዝገበሩላን ጸጽቡቑ ዝተመነዩላን ጎረባብታ ህዝብታትን መንግስታትን ናይ ኢዶም ትፈዲ ሃገር ክትከውን ኣይተዓደለትን። እኳ ደኣስ፡ **"ጢጦ ከም ዓቕማ ትሕጎም"** ከምዝበሃል፡ ብዓቕሙ ሕማም ፋሽስት ሂትለር ዝወረሰ ናይ መበል 21 ክፍለ ዘመን ዕቡድ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ናይ ምኻን ሕማሙ ሳዕሪሩ፡ ንጎረባብትና ሃገራትን መንግስታትን ብዝተፈላለዩ ምስምሳት፡ ተተናኺለን። ምስ ኩለን ብመሬት ዝዳወባና ጥራሕ ዘይኮነስ ብባሕሪ ትዳወበና ሃገረ የመን'ውን ካብ መርዛም ኢዱ ኣይደሓነትን። ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ነቶም ብግብረ-ሽበራ ዝጥርጠሩ ጉጅለታት እናሰልጠነ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምሕማስ ኣጀንዳ ሒዙ፡ ንሃገርናን ህዝብታትናን ኣብ ዓለምናን ከባቢናን እሙን ፈታዊ ክስእኑ ብምግባር፡ ከብዱም ሓቝፎም ብፍርሒን ሻቑሎትን ተሾቕሪሮም ሕሱም ሂወት ከሕልፉ ገይሩዎም ኣሎ።

ህዝብታትና ኣብ ናይ 20 ዓመታት ተግባራዊ ተሞኩሮኦም፡ ስርዓት ምሕደራ ኢሳይያስን ህግደፍን መግለጺኡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሓቅታት ምኻኑ ሕርሕራይ ገይሮም ኣረጋጊጾም እዮም። በጃ ቀያሕትን ጸለምትን ደቆም ዝኾነት ነጻ ሃገሮም ክትኮነሎም ዝተመነዩዋ ከምዘይሰመረሎም፡ ብናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳን ምድንጋርን ኢሳይያስን ህግደፍን ክኸውሎም ዘይክእል እዩ። ስርዓት ምሕደራ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ህግደፍ፡ ማዕረ-ማዕረ ወይ ዝኸፍአ ካብቶም ሕሉፋት ባዕዳውያን ገዛእትና ዋላ እንተኾነ'ውን፡ ሃገራዊ ነጻነት ግን፡ ምስ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምንም ዘወዳድር ዘይብሉ ህያብ መሪር ቃልሲ ህዝብታትና እያ። ሃገራዊ ነጻነትና ሳላ መሪር ተጋድሎ ህዝብታትና፡ ብ24 ግንቦት 1991 ዓ.ም ዝተረጋገጸን ብሚያዝያ 1993 ዓ.ም ብህዝበ ውሳኔ ንድሕሪት ከም ዘይምለስ፡ ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦ ብምርካብ ተዛዚሙ እዩ። ስለዚ 24 ግንቦት ከም መዛዘሚ ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎና መጠን ክንዝክራን ክነኽብራን ዘሎና ዕለት'ኳ እንተኾነት፡ ኣብኣ ተሓጺርና ብኣኣ ጥራሕ እናዘመርና ክነብር ዝግባኣና ኣይኮነትን። ግንቦት 24 ከም መሰጋገሪ ድልድል መጻኢ ብሩህ ተስፋ ሃገርናን ህዝብታትናን ኮይና ክተገልግል ኣሎዋ። መጻኢና ምርኣይ ተሳኢኑና ኣብ ዕንክሊል እናነበርና፡ ኣብ ጥሙይ ከብድና፡ ኣብ እግሪ ኢሳይያስን ህግደፍን ተረጊጽና፡ ን24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነትና ምስ ኩሉ ቃንዛታትና ብልሕቱት ድምጺ እናኸበርና ክንቅጽል ኣይግባኣናን። ስለዚ ናይ ህዝብታትና ናይ'ዚ እዋን ተባራዒ ሕቶ፡ ኣብ ነጻ ሃገሮም፡ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሒ ምዕሩይ ቁጠባዊ  ምዕባለ.. ጥዑይ ዝምድና ምስ ጎረባብትን ማሕበረሰብ ዓለምን..ወዘተ ከመይ ይረጋገጽ ዝብል እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ህግደፍን፡ ኣብ ሕሉፍ ጥራሕ ክነብር ከይሰልከዩ ይሽቅሉ ኣሎዉ። ህዝብታትና ጀጋኑ ደቆምን ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም ኣብ ዘካየዱዎ ጅግንነታዊ ተጋድሎኦም ዝሰርሑዎ መስተንክር ቅያ፡ ያኢ ከም ናይ ጓና ታሪኽ ኮይኑስ፡ ሚድያታት ህግደፍ፡ እናደጋገማ ኣብ ድምጺ "ሓፋሽ"ን ቲቪ ኤረን እናቃልሓ፡ ሎሚ ረጊጽናዮ ንዘሎናን ብዛዕባ መጻኢናን ከይንሓስብን፡ ኣደንቍረን ኣብ ሕሉፍ ከንብራና ካብ ምህውታት ኣይዓረፋን።  ኣብ ገዛእ ሃገርና ርእስና ኣድኒና ሰበ-ስልጣን ዝበሉና ጥራሕ እናተግበርና፣ እናጠመና ከምዝጸገብና፣ እናጠፉእና ከምዝሰሰና፣ እናደኸና ከም ዝሃብተምና፣

ኣፍና ተሎጊሙ እንክሎ፡ ዝመስለና ከም እንዛረብ፣ እናደንቆርና ከም ዝተመሃርና፣ እንተተሰደድና፡ ከምዝጸገብና...ወዘተ ከእምኑና ዝፍትኑ፡ ብኣፎም ዝሽሕጡ ናይ'ዚ ዘመን'ዚ ብጭካነኦምን ብድርቅነኦምን መወዳድርቲ ዘይብሎም ደቂ ሃገር ገዛእቲ ህግደፋውያን ርዒምና፡ ከም ፓፓጋሎ ዝበሉዎ ደገምቲ ኮይና ክነብር ኣይግባእን። ነጻ ሃገርና በዚ ሕማቕ ሽም'ዚ ክትምሰል ዘይተጸበናዮ ወደቓ እዩ። ብተግባር እንክረአ እዚ ሂወት'ዚ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሓለፍናዮ መሪር ሂወት ዝኸፍአ'ምበር ዝሓሸ ሂወት ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ዝደሓረ ገደደ ብዝብል፡ ነቲ ዝቐደመ ሂወት ኣብ ትሕቲ ባዕዲ ዘዝክር የብልናን። ባዕዳዊ መግዛእቲ ጸሪግና፡ ነጻ ሃገር ምውሓስና ድሙቕ ዓወትና እዩ። ግን ድማ ብደቂ ሃገር፡ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝኸፍአ ፖሎቲካውን ማሕበረ ቁጠባውን ሂወት ክንሽከም፡ ዕላማ ዝተናውሐ ቃልስና ኣይኮነን። ሃገርና ዋናታታ ክንከውን ምብቃዕና ኣማን ብኣማን፡ ሓደ ስጉምቲ ተጓዒዝና ምህላውና ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ዝተረፉ መሰረታዊ ዕላማታት ግን ኣሎዉና። ኣብ ነጻ ሃገርና፡ ዘተኣማምን ሰላም ንደሊ። ካብ ሽለብ ገለብ ብዘተኣማምን ክንድሕን ኣሎና። ውልቀ መራሕቲ ብዘውጽኡዎም መምርሕታትን ኣዋጃትን ክንግዛእ ኣይግባእን። ብሰፊሑ ዘቲና ተኻቲዕና ዘብሰልናዮን ዘማዕበልናዮን ንድፊ ቅዋም፡ ወከልትና ልኢኽና ኣብ ነካይዶ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም፡ ዋሕስ ልኣላውነትና ክኸውን ይግባእ። ብመሰረት ቅዋምና፡ ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ፡ ዓጊብና ፈቲና ረዲና ቆጽሊ ዘውደቕናሎም መራሕቲ ጥራሕ ከመሓድሩና ይግባእ። ብውልቆም ዝነገሱ ገዛእቲ ሽይሞም ዝለኣኹልና፡ ከም ኣቕሓ ዘንገላትዑና ዕሱባት ክንግዛእ ኣይተቓለስናን። ብቅዋም ዝምራሕ ስርዓተ ፍትሒ ክነግስ ንደሊ። ውልቀ ሰበ-ስልጣናትን ኣባላት ሃገራዊ ድሕንነት፡ ከም ባህ ዝበሎም፡ ከም እንስሳ እናወጠጡ ዝዘንቡናን፡ ደሃይና ኣብ ዘይፍለጥ ዝዳጉኑና ክንከውን ኣይተቓለስናን። ኲሉ ነገር ብሕጊ ዝግዛእን መሰልና ተሓልዩ፡ ኣብ ነጻ ቤት-ፍርዲ እንዳኣነ ክብሪ ዝግባኣና ዜጋታት ክንከውን ኢና ተቓሊስና። ፍትሕን ርትዕን የድልየና። ናይ መዋእል ድኽነት፡ ካብ ሱሩ ክንምሕ ብጻዕርና ኣብ ጎደና ምዕባለ ክንምርሽ፡ ኣብ ገዛእ ሃገርና ሰሪሕና፣ ሓሪስና ነጊድና ወዘተ ክነብረላ እንኽእል ሃገር እናማዕደና ኢና ተቓሊስና።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሜዳ ዝተሰበሎ ናይ ምብሓት ሕማም፡ ድሕሪ ሓርነት ሃገርና ንጊዜ ክጽበየሉ ኣይደለየን። ኣብ ጽባሕ ሓርነት ብሽም መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ዝሰየሞ ዕለት፡ መስደመም ኣዋጅ እዩ ዝኣወጀ። ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይፍቀድን ዝብል ፋሽስታዊ ኣዋጅ ብትሕዝቱኡ ካብ'ቲ ኣብ ጽባሕ ውድቀት ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ብፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ዘይፍለ'ዩ። እዚ ፋሽስታዊ ኣዋጅ'ዚ ኢሳይያስን ጉጅለኡን፡ ኣብ ሑቕፌ ሰውራ ኤርትራ ኣድብዩ መዓልቲ ክጽበ ዝጸንሐ ዕሉል ፋሽስታዊ ጉጅለ ምዃኑ ዘተንበሀ እዩ። እዚ መደረ'ዚ ነቲ ህዝብታትና ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ዝጽበዩዎ ዝነበሩ ዘተኣማምን ሰላም፡ ኣብ በረኻ፣ ኣብ ስደት፣ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ሃገርና ዝነበሩ ስድራታት ኣብ ሓንቲ ማይ-ቤት ተሓቛቑፎም ዝሓለፉዎ ሂወት ከዘንትዉ፡ ስዉኣቶም ብጸሎት ክዝክሩ፡ ብሩህ መጻኢኦም ክትልሙ ዝነበሮም ምሒር ሃንቀውታ ብምብርዓን ዘጸልመተ'ዩ።

ብርግጽ እቶም ንኢሳይያስን ውድቡን ካብ ሜዳ ኣትሒዞም ብቐረባ ዝተኸታተሉዎ ሓይልታት፡ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢሳይያስን ጉጅለኡን መጻኢ ዕድላ ካብ ስርዓት-ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ ሰርዓት ደርግ ብመሰረቱ ከምዘይፍለ ደጋጊሞም ካብ ምዝኽኻር ኣዕሪፎም ኣይፈልጡን። ኲሎም'ቶም ኣብ ጽባሕ ሓርነት፡ ብኢሳይያስን ጉጅለኡን ዝንፍሑ ዝነበሩ ጊዜ መሽመቲ መብጻዓታት ካብ ምቅላዕ ኣዕሪፎም'ውን ኣይፈልጡን። እዞም ሓይልታት'ዚኦም መስርሕ ሪፈረንደም ብዘተኣማምን ንምዕዋት ካብኦም ዝጥለብ ከቢድ ዋጋ ከፊሎም እዮም። ኣብ'ዚ ተሞኩሮ'ዚ ከም ኣብነት ዝጥቀስ ውድብና ሰደግኤ ሓደ እዩ። ኢሳይያስን ጉጅለኡን ድማ ኣብ ጽባሕ ሓርነት ዝተመባጽዖ፡ ድሕሪ ሪፈረንደም ምጥላሙ ቀጸለ። ስለዝኾነ'ውን ኣንጻር ኢሳይያስን ጉጅለኡን ምእንቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ተጋድሎ ድማ ክቕጽል ግድን ኮነ።

ኣብ ነጻ ሃገርና ኤርትራ፡ ንምስፉን ሰላም፣ ንምውሓስ ደሞክራሲ፣ ንምንጋስ ፍትሒ፣ ንምጉልባት ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ፣ ንሰናይ ጉርብትና ዓሊሙ ዝቐጸለ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ፡ ካብ ዝሓለፈ ዝተናውሐ ብረታዊ ተጋድሎና ዝተወርሱ ድሑራት ኣተሓሳስባታት፡ መሊኡ ክገላገል ኣይበቕዐን። ውጽኢቱ ድማ ምስ ትጽቢት ህዝብታትና ክሳነ ኣይከኣለን። ካልኣዊ ፍልልያት ቀዳማይ ቦታ እናሓዙ፡ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ተቓውሞና፡ ቀዳማይ ጸላኢ ተዘንጊዑ፡ ብሰንኪ ውድባዊ፣ ጉጅላውን ውልቃውን ሒሳባት፡ ሕድሕድ ምንጽጻግን ምፍንጫልን መለለይኡ ኮይኑ ቀጸለ። ኣብ ሓይልታት ተቓውሞ ብቅኑዕ ራእይ ዝተመርሐን፡ ቀንዲ ቴኽረቱ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘቕነዐ ተጋድሎ ንምክያድ ጻዕርታት ካብ ምክያድ ብኩራት ተራእዩ'ኳ እንተዘይተባሃለ፡ እዚ ቅኑዕ ናይ ለውጢ ኣተሓሳስባ'ዚ ልዕልነት ክረክብ ኣይከኣለን። ኣብ ሓይሊ ተቓውሞ ማእከላይ ስሕበት ኮይኑ ዝውጥጥ መሪሕ ሓይሊ ቦኺሩ፡ ህዝብታትና ኣተሃላልዋ ሓይሊ ተቓውሞ ንቐልቦም ዘይስሕብ ኮይኑ፡ ብሰፊሑ ከይተሳተፉዎ፡ ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ኮይኖም ካብ ዝጸንሑ እነሆ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ኣሕሊፍና ኣሎና።

መሪሕነት ሓይሊ ተቓውሞ፡ ብትብዓት ንውሽጡ ፈቲሹ፡ ካብ ድኽመታቱ ኣብ ክንዲ ዝነጽህ፡ ንሕመቓቱ ካልእ ተሓታቲ ሃሰስ ካብ ምባል ክላቐቕ ብዘይምኽኣሉ፡ እናጋጠሞ ዝጸንሐ ፍሽለታት ክሰግር ኣይበቕዐን። ኣብ ውሽጢ ሓይሊ ተቓውሞ፡ ነናቶም ፍሉይነታት ዘለዎም ፖሎቲካዊ ዕላማታት ዘለዎም ውድባት ምህላዎም ሓቂ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ክሊ ሓይሊ ተቓውሞ ካብ 20 ንላዕሊ ዝኾኑ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ምህላዎም፡ ኣብ ልዕሊ ነባራት ውድባትን መራሕተንን ሰፊኑ ዘሎ ትሕተ-ግምትን እምነት ምጉዳልን ዘጉልህ'ምበር፡ ሃገርና እትሽከሞም ፖሎቲካዊ ዕላማታትን ኣረኣእያታትን ምህላዎም ዘርኢ ኣይኮነን። እዚ ዘይቅቡል በዝሒ ውድባት ተቓውሞ፡ ንቕቡል ፖሎቲካዊ ፍልልያት ዘህስስን፡ ኣብ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ተስፋ ምቑራጽን ጽልምትምትን ክነግስ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ ንምንቃሉ ከቢድ ፈተና ኮይኑ ዘሎ እሾኽ-ዳንዴር ክዘርእ ልምሉም ባይታ ፈጢሩሉ ኣሎ።

ብዘይ ናይ ህዝብታትና ንቑሕን ወሳንን ተሳትፎ ደሞክራስያዊ ተጋድሎና ከምዘይዕወት፡ ናይ ኩላትና መባእታዊ ፍልጠት እዩ እንተተባሃለ ቃለ ኣጋኖ ኣይኮነን። መሪሐን ዘቃልሰአ ህዝቢ ዘይብለን፡ ብበዝሒ መራሕቲ ዝዘቕበባ ውድባት፡ ዘዐውቶኦ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ ክህሉ ኣይክእልን። ህዝብታትና ብሓፈሻ መንእሰይ ወለዶ ድማ ብፍላይ፡ ምስ በዝሒ ውድባት ብሓፈሻ፡ ኣብ ካልኣዊ ፍልልያቶም ዘርእዩዎ ድሑር ቁሩቁስን ናይ ውሻጠ ፖሎቲካን ድማ ብፍላይ፡ ኣሰልችዩዎ፡ **“ንባዕሎም ዘይተሰማምዑ ከመይ ገይሮም ሃገር ሓራ ክገብሩ”** ዝብል መረርኡ ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ በጺሑ እዩ። ነዚ ክውንነት'ዚ ጸላኢ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ከምዝምዝምዞ ዝተፈለጠ'ኳ እንተኾነ፡ ክዉን ሓቂ ምዃኑ ግን ዘይከሓድ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ህዝብታትና ኣብ ልዕሊ ሓይሊ ተቓውሞና እምነት ስኢኖም ኣብ ማዕዶ ኮይኖም እናማረሩ፡ መራሕቲ ሓይልታት ተቓውሞ ድማ፡ ትርግታ ልቢ ህዝብታትና ብግቡእ ምድማጽ ስኢኖም፡ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ተሓጺሮም ጸኒሖም ኣለዉ። እዞም ክልተ ከም ማይን ጸባን ተወሃሂዶም፡ ኣብ ሃገርና መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ለውጢ ከረጋግጹ ዝግበኦም ወሰንቲ ረቛሒታት፡ ተመዓዳደውቲ ኮይኖም ይቕጽሉ ብምህላዎም፡ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብመንገዲ ብርሰትን ምብትታንን ተንቆልቁል ኣላ።

ህዝብታትና፡ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉላ ነጻ ሃገሮም ብሓደገኛ ኣንፈት እናንቆልቆለት እንከላ፡ ኣብ ሕመቓት ሓይሊ ተቓውሞ ኣትኲሮም እናተራገሙ ክነብሩ ኣብ ዘብጽሕ የብሉን። ሓይልታት ተቓውሞ ድማ፡ በብሸነኾም ተቓሊሶም ዘድምዑዎ ነገር ከምዘየልቦ ብልቢ ኣሚኖም፡ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝቢ ዘረጋግጽ ቅኑዕ መዋጽኦ ክሓስቡ፣ ክትልሙን ከተግብሩን ይግበኦም። ወሳኒ ዓቕሚ ህዝብታትና ምስ ህሉዋት ዓቕምታት ሓይሊ ተቓውሞ ተዋሃሂዶም ናብ ሓድሽ ናይ ለውጢ ምዕራፍ ዝሰጋገሩሉ ኩነታት ካብ ምትግባር ወጻኢ፡ ኣብ ሞንጎ ናይ ለውጢ ሓይልታት፡ ኣብ ዝሓለፉን ህልዋት ድኽመታትን ኣትኲርካ ኣብ ሕድሕድ ምክሳስ፡ ሽሻይ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን ካብ ምዃን ሓሊፉ ጣቓ ዝገብር ኣይኮነን።

ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ 2010 ብታሪኻዊ ውሳኔታት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መሰረት፡ ንዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ተሞኩሮና ካብ ሱሩ ዝቕይር፡ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ወሰንቲ ክኾኑ ዘብቅዖም፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምግባእ ምድላዋት ካብ ዝጅምር ድሮ ትሽዓተ ወርሓት ሓሊፉ ኣሎ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞራስያዊ ለውጢ፡ ህዝብታትና፡ ዝተወሰነሎም ተቐቢሎም ከተግብሩ መምርሒ ወይ ውሳኔታት ዘውርደሎም መድረኽ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ወሰንቲ፣ መጻኢኦም ተለምቲ፣ ክኾኑ ዘብቅዖም፡ ብብቑዓት ወከልቶም ዝሳተፉሉ ታሪኻዊ መድረኽ እዩ። ህዝብታትና ብወከልቶም ኣቢሎም ወሳኒ ተርኦም ዝጻወቱሉ መድረኽ ክኸውን ድማ፡ ካብ ቅድመ-ምድላው ጀሚሩ ንቑሕ ተሳትፎኦም ዘረጋግጹሉ መድረኻት ክፍጠሩ ከምዘለዎም ዘተሓትት የብሉን። ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ቀሪቦም፡ ድምጺ ህዝብታትና ዘቃልሑን፡ ርእይቶ ህዝብታትና፡ ውሳኔ ሃገራዊ ጉባኤ ኮይኑ ክወጽእ ከብቅዑ እንተኾይኖም፡ ናይ ህዝብታትና፡ ሓሳባት፣ ርእይቶታትን መርገጻትን ብግቡእ ክሰንቁ ክኽእሉ ኣሎዎም። ወከልቲ ህዝብታት፡ ርእይቶ፣ ሓሳባትን መርገጻትን ህዝቢ ከይተሓንገጡ ሓቀኛታት ወከልቲ ክኾኑ ከምዘይበቕዑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ቅድሚ ሃገራዊ ጉባኤ ምግባኡ፡ ጉባኤ ኣልዒሉ ዝዝትየሎም ሃገራዊ ኣጀንዳታት፡ ህዝቢ ኣቐዲሙ ኣብ መድረኻቱ ብብቕዓትን ብስፍሓትን ክዝትየሎም ምግባር ኣማራጺ ዘይብሉ'ዩ። ህዝቢ ብሰፊሑ ኣብ ዝዘተየሎም መድረኻት ዝወዓሉን፡ ርእይቶ ህዝቢ ብግቡእ ዘዳመጹ፡ ንዕኡ ሰኒቖም ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብብቕዓት ዝዋስኡ ክኾኑ ይግባእ። ኣብ መድረኽ ህዝቢ ዘይወዓለ፡ ርእይቶታትን ሓሳባትን ህዝቢ ዘየዳመጸ፡ ብቕዓት ይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ድምጺ ህዝቢ ክውክል ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ክጋባእ እንተኾይኑ፡ ናይ ህዝብታትና ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ምርግጋጽን፡ ናይ ብሓቂ ድምጾም ዝውክሉን ዝኣምኑዎም ሰባት ክመርጹ ምብቃዕ፡ ኣማራጺ ዘይብሉ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ካብ ምንባር ተናጊፍና፡ ንብሩህ መጻኢ ክነማዕዱ፡ ጽኑዕ እምነ መሰረት ከንብረልና ይኽእል ተባሂሉ ዝእመነሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዘተኣማምን ንምዕዋት፡ ሓይልታት ተቓውሞ ብእምነትን ብዕግበትን ክወፍሩ ዝጠልብ ወሳኒ መድረኽ ኣቲና ኣሎና። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝጋባኣሉ እዋን፡ ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን፡ ኣንጻር ዲክታቶርያውያን መንግስታቶም ናብ ሰፊሕ ህዝባዊ ዓመጽ ተሰጋጊሮም፡ ታሪኻዊ ዓወት ዝጽንበሉሉ እዋን ብምዃኑ፡ ነቶም ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ህግደፍን ን20 ዓመታት ሓመድ ድፋጭኦም ዝሰትዩ ዘለዉ ህዝብታትና፡ ሓያል ናይ ሞራል ስንቂ ስለዝኾኖም፡ ነዚ ምቹእ ሰውራዊ ኩነታት ብግቡእ ጸንፊፍና ክንጥቀመሉ፡ ደሞክራስያዊ ቃልስና ብወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ክሰላሰል ንምግባር፡ ናይ ህዝብታትና ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ኣብ ቅድመ-ምድላው ሃገራዊ ጉባኤ ንምርግጋጽ ኣበርቲዕና ክንጽዕት ኣሎና። ብቐንዱ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን መጋበርይኡ ዝኾኑ ሓይልታትን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምፍሻል፡ ካብ ቅድመ-ምድላው ጀሚሮም ዘካይዱዎ ፈላላይን መበርዐንን ስልትታት ብንቕሓት ክንከታተሎም፡ ኣብ ሰፊሕ መድረኽ እናውረድና ክነቃልዖም ክንቃለስ ኣሎና። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ካብ ብሱል ንቕሓት ህዝብታትና ወጻኢ ዓወቱ ክረጋገጽ ከምዘይክእል ብምእማን፡ ንቕሓት ህዝብታትና ኣብ ምምዕባልን ደሞክራስያዊ ባህልና ኣብ ምጥንኻርን ዓቲብና ክንሰርሕ ይህልወና። ካብ ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ወጻኢ ክካየድ ዝሕለም ሃገራዊ ጉባኤ፡ ውጽኢቱ **“ምጮ እንተገልበጥካ ወጮ”** ካብ ምዃን ከምዘይሓልፍ ክንግንዘብ ከድሊ እዩ። ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ካብ ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ወጻኢ ትርጉም ከምዘይብሉ ካብ ዘለዎ ነቕ ዘይብል እምነት ብምብጋስ፡ ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ዝጸደቑ ውሳኔታትን ዝተሓንጸጹ ኣሰራርሓታትን ከይተሸራረፉ ክትግበሩ ብዕቱብነት ክቃለስ እዩ። ሃገራዊ ነጻነትና ዓቂብና ብሩህ መጻኢና እናማዕደና ዕዉት ጉዕዞ ክንምርሽ ዘኽእለና ቅኑዕ ኣንፈት እዚ ጥራሕ ስለዝኾነ።

# ቅኑዕ መስመር ሓዱሽን ሒዝና፡ ክንዕወት ኢና!!